**ዕላማ ምእታውን ግቡእነትኣቀራርባን ስነቃላት መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ**

**ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝወሃብ ካልኣይ ድግሪ ንምርካብ ብኽፉል መማልኢ ዝቐርብ መፅናዕታዊ ፅሑፍ**


**ብ**

**ፀጋ መኮነን ሃይሉ**

**ዩኒቨርሲቲ መቐለ**

**ኮለጅ ማሕበራዊ ሳይንስን ቋንቋታትን**

**ክፍሊ ትምህርቲ ትግርኛ**

**መርሃ ግብሪ ድህረ ምርቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ**



**ጥሪ 2017 ዓ.ም**

**መቐለ**

**ዩኒቨርሲቲ መቐለ**
**ኮሌጅ ማሕበራዊ ሳይንስን ቋንቋታትን**
**ክፍለ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ**
**መርሃ ግብሪ ድህረ ምርቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ**

# ዕላማ ምእታውን ግቡእነትኣቀራርባን ስነቃላት መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ

**ብምስትሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝወሃብ ካልኣይ ዲግሪ**
**ንምርካብ ብኸፉል መማልኢ ኮይኑ ዝቐረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ**

**ብ**
**ፀጋ መኮነን ሃይሉ**

**ዋና ኣማኻሪ**
**ትካቦ ገብረስላሴ (ዶ.ር)**

**ሓጋዚ ኣማኻሪ**
**ፍቓዱ ገብረእግዚኣብሄር(ኤም ኤ)**

**ጥሪ 2017 ዓ.ም**
**መቐለ**

**ዩኒቨርሲቲ መቐለ**
**ኮሌጅ ማሕበራዊ ሳይንስን ቋንቋታትን**
**ክፍለ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ**
**መርሃ ግብሪ ድህረ ምርቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ**

**መርሃግብሪ ድህረ ምረቓ ዕላማ ምእታውን ግቡእነት ኣቀራርባን ስነቃላት መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ**

**ብምስትሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝውሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብኸፋል መማልኢ ኮይኑ ዝቐረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ**

**ብ**
**ፀጋ መኮነን ሃይሉ**
**ጥሪ 2017 ዓ.ም**
**መቐለ**

| ኣባላት ቦርድ ፈተና | ክታም | ዕለት |
|---|---|---|
| ዋና ኣማኻሪ<br>ትካቦ ገብረስላሴ (ዶ.ር) | __________ | __________ |
| ሓጋዚ ኣማኻሪ<br>ፍቓዱ ገ/ሂር(ኤም ኤ) | __________ | __________ |
| ናይ ውሽጢ ፈታኒ | __________ | __________ |
| ናይ ደገ ፈታኒ | __________ | __________ |
| መሳለጢ መድረኽ | __________ | __________ |

## መግለፂ ዋንነት መፅናዕቲ

ኣነ ፀጋ መኮነን ሃይሉ ነዚ መፅናዕቲ እንተካይድ ኣድለይቲ ሓሳባት ምስ ፍልፍሎም ተጠቒመ እየ። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ንዝመፅእ ጥቕምታትን ተሓታትነትን ባዕለይ ከምዝወስድ እነዳሓበርኩ ቦኽሪ ምፅናዕቲ ምኻኑ የረጋግፅ።

ስም ተመራማሪት ፀጋ መኮነን ሃይሉ

ክታም

ዕለት

# ምስጋና

ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ምሉእ ጥዕና ሂቡ ኣጀሚሩ ንዘፈፀመኒ ልዑል እግዚኣብሄር መንፈሳዊ ምስጋናይ ኣቐርብ። ብምቕፃል ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ስረሐይ እናተኸታተሉ ንግድፈት ስረሐይ እርማት ብምሃብ ሃነፅቲ ርኢቶታትን ሓሳባትን ብምልጋስ ናብ ፍፃመ ዘብፁሑኒ ዋና ኣማኻሪየይ ዶ/ር ትካቦ ገብረስላሴንሓጋዚ ኣማኻሪየይ አይተ ፍቓዱ ገ/ሄርን ልባዊ ምስጋናይ የቕርብ። ብተወሳኺ ሞራላዊ ሓገዝ ብምሃብን በቢእዋኑ ስርሐይ ውፂኢታዊ ንክኸውን ኣብ ጎነይ ኮይኑ ዘተባበዐኒ ኣሚነይ መ/ር ፅጋቡ ጎዱፍ ዝለዓለ ምስጋና ከቕርበሉ እፈቱ።

# ማራ ሓሳብ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዕላማ ምእታውን ግቡእነት ኣቀራርባን ስነቃላት መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ኮይኑ ብዋናነት ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ንምንታይ ዕላማ ከምዝኣተዉን ግቡእነት ኣቃራርበኦም እንታይ ከምዝመስል ብምፍታሽ መፅናዕቲ ተኻይዱ እዩ። እዚ መፅናዕቲ ንምክያድ መበገሲ ዝኾነ ሓሳብ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንምምሃር ዝኣተዉ ስነቃላት ትኹረት አይግበረሎምን ብዕላማ ኣይኣተዉን ዝብል ሓሳብ ስለ ዝቐርብን ነዚ ንምርግጋፅ ኣብ ተግባር ዝወዓለ ዕላማን ግቡእነት አቀራርብኡን ንምትንታን እዩ ።ሜላ ኣፀናንዓ ድማ ኣገደስቲ ሕቶታት ዝምልሱ ካብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዳህሳስንፅምቆታዊ ንባብ መረዳእታ ተኣኪቦም እዮም ። ዝተኣከቡ መረዳታታት ብሜላ መጠናውን ዓይነታውን ትንተና ተተንቲኖም ቀሪቦም እዮም ። ውፅኢት ናይዚ መፅናዕቲ ድማ ዝተኻተቱ ዓይነታት ስነቃላት መጠኖም ትሑት፣ብዓይነቶምን ብበዝሖምንዘይመጣጠኑ ምኻን፣ንፁር ዕላማ ዘይምህላዎም ፣ግቡእነት ኣቀራርበኦም ትሑት፣ትሕዝቶንምምሃር ዝኣተው ስነቃላት ኣብ ስነልሳን ምኻኑ ተረጋጊፁ እዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝኣተው ስነቃላት በዝሖምን ዓይነቶምን ተመጣጠንቲ ክኾኑ ይግባእ ። ብፍላይ ኣብ ምድላው መፅሓፍ ተምሃራይ እትሳተፉ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ስነቃላት ዕላመኦም ተነፂሩ፣ክእለታትንባእታታትን ቋንቋ መሰረት ገይሩ ንክዳለው ንዝምልከቶም ኣካላት ተሓቢሩ እዩ።

# ትሕዝቶ

**ትሕዝቶ** **ገፅ**

መግለፂ ዋንነት መፅናዕቲ ............ i
ምስጋና ............ ii
ማራ ሓሳብ ............ iii
ሰደቓ ትሕዝቶ ............ vi
ምዕራፍ ሓደ ............ 1
መእተዊ ............ 1
1.1 ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ ............ 1
1.2 ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ ............ 3
1.3 ዕላማ መፅናዕቲ ............ 4
1.3.1 ሓፈሻዊ ዕላማ ............ 4
1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት ............ 4
1.4 ረብሓ መፅናዕቲ ............ 4
1.5 ደረት መፅናዕቲ ............ 5
1.6 ኣብ ከይዲ መፅናዕቲ ዘጋጠሙ ፀገማትን መፍትሒኦምን ............ 5
ምዕራፍ ክልተ ............ 6
ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትንቅዱማት መፅናዕትታትን ............ 6
2.1 ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባት ............ 6
2.1.1 እንታይነት ስነ ፅሑፍ ............ 6
2.1.2 እንታይነት ስነ-ቃል ............ 8
2.1.3.ኣቀራርባ ስነቃል ............ 9
2.1.3.1 ቋንቋ ተኮር መርኣያ፦ ............ 10
2.1.3.2 ትሕዝቶ ተኮር መርኣያ ............ 10
2.1.3.3 ዕብየት ውልቀ ስብእና ተኮር መርኣያ ............ 10
2.1.4 ስነቃል ትሕዝቶ ንምምሃር ............ 12
2.2.5 ባህሪያት ስነ ቃል ............ 12
2.1.6 ትሕዝቶ ስነቃል ኣብ መፅሓፍ ............ 15
2.1.7 ረብሓ ስነቃል ንምምሃር ክእለት ቋንቋ ............ 16
2.1.8 ዓይነታት ስነ ቃል ............ 19
2.2 ዳህሳሳት ቅዱማት መፅናዕቲ ............ 21

ምዕራፍ ሰለስተ ........ 23
ሜላ ኣፀናንዓ ........ 23
3.ሜላ ኣፀናንዓ ........ 23
3.1 መጠን ተፀናዕቲ ........ 23
3.2 አወሳስዳ መርኣያ ........ 23
3.3 ሜላ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ........ 23
3.4. ሜላ ኣተናትና መረዳእታ ........ 23
ምዕራፍ አርባዕተ ........ 24
ትንታነ መረዳእታ ........ 24
4.1 መግለፂ መፀናዕቲ ........ 24
4.2 ኣሃዛዊ ትንተና በቢምዕራፍ ዝኣተዉ ስነቃላት ........ 24
4.3 ዓይነታዊ ትንተና ስነቃላት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝኣተዉሉ ዕላማ ክእለት ቋንቋ ........ 27
4.4 ክእለትት ቋንቋ ንምምሃር ምስትምሃር ዓሊሞም ዝኣተዉ ስነቃላት........ 28
4.5 ድሕሪ ባይታ ባህሊ ፣ ክእለት ስነልሳን ፍልጠት ስነቃልን ተምሃሮ ንምምሃር ዓሊሞም ዝኣተው ስነቃላት ........ 30
ምዕራፍ ሓሙሽተ........ 36
መጠቓለሊ፥ መደምደምታን ለበዋን ........ 36
5.1 መጠቓለሊ ........ 36
5.2 መደምደምታ........ 37
5.3 ለበዋ ........ 38
መዋከስቲ ድርሳናት ........ 39
ልጋብ ........ 41
ልጋብ «ሀ» መገምገሚ ረቋሒታት ........ 41
ልጋብ « ለ » ንዳህሳስ ስነድ ዝተዳለዉ ሰደቓታት ........ 42

## ሰደቓ ትሕዝቶ


**ሰደቓ** **ገፅ**

ሰደቓ 1፡-በዝሒ በቢምዕራፍ ዝኣተዉ ስነቃላት ........................................................24

ሰደቓ 2፡-በብምዕራፉ ዝተኻተቱ ግጥማዊ ስነቃላት.................................................26

ሰደቃ 3፡-ኣብ ሕድሕድ ምዕራፍ ዝተካተቱ ሌጣዊ ስነቃላት ........................................27

ሰደቓ 4፡-ስነቃላት ኣብ ሕድሕድ ሌጣዊ ስነቃል ዝኣተወሉ ዕላማ..................................27

# ምዕራፍ ሓደ
# መእተዊ

## 1.1 ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ

ቋንቋ መግለፂ መንነት ሓደ ሕብረተሰብን መተንተኒ ከባቢኡን እዩ። ምምሃር ቋንቋ ካብ ሰዋስዋዊ ትሕዝቶ ብተወሳኺ ብርክት ዝበሉ ጉዳያት ንምፍላጥ ይሕግዝ። ዕላማ ምምሃር ቋንቋ መሰረቱ ምርድዳእን መልእኽቲ ምሕላፍን እንትግብሮ እዩ (Bennett, 1998 ፣ 34) ።

ቋንቋ መግልፂ መንነት፣ ታሪኽ፣ ህልውናን መፃኢን ብምዃን ኣብ ዙርያ መለሽ ንጥፈት ወዲ ሰብ ዕዙዝ ግደ ይፃውት (Skij, 2005፣114) ።

ካብዞም ምሁራት ክምንርድኦ ቋንቋ ዝኾነይኹን ነገር ንምትግባር ክምድልዲ ኮይኑ ከምዝጠቕምን ወድሰብ ህልውንኡ ዘረጋግፀሉን ካብኡ ሓሊፉ ፍልጠት ዝምእርረሉ ከምዝኾነ እዩ ።

ሓሳባት ንምግላፅ ካብ ንጥቀመሎም ሓደ ሰነቃል እዩ። ሰነ ቃል ብዜማ፣ ብደርፊ፣ በባህላዊ ሳዕስዒት፣ታሪክ ብምትራኽ ተሞክሮ ህይወት ወዲሰብ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝግለፀሉ መንገዲ እዩ (Holt.E, 1998፣109) ።

ኣብዚ ኣባሃህላ እንርድኦ ሰነ ቃል ኩሉመዳያዊ ሃፍቲ ማህበረሰብ ከምዝኾነን ኣብ ከይዲ ምንቅስቓስ ዝተረኽበ ዕቡቕ ሃፍቲ ምዃኑ እዩ። በተወሳኺ እውን Lauri (2003፣206) ሰነ ቃል መግለፂ መንነት ማሕበረሰብ ጥራህ ከይኮነስ "ቃላት ብርክት ዝበለ መንገዲ ትርጉም ንክህለዎም ዝገበር ፣ብተዘዋዋሪ ወይካዓ ሕፅር ብዝበለ ብዝተፈላላየ መንገዲ ክትርጎም፣ ክትርድኦን ክትፈትሖን ዘኽእል ዓሚቕ ምርዳእ ዝደሊ ኣገላልፃ ማሕበረሰብ እዩ" ይብል። ካብዚ ኣባሃህላ እንርድኦ ነገር ሰነ ቃል ንምርዳእ ማህበረሰብ መሰረት ከምዝኸውን እዩ ምኽንያቱ ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ከይዲ ናብራኡ ዘጋጠሞ፣ ዝደልዮ፣ዝረኸቦን ዝሳኣኖን ዝገልፀሉ ሰለዝኮነ እዩ።

ሰነቃል ማሕበረሰባዊ ምርዳእ ዘድልዩ ካብ ማሕበረሰብ ሰነልቦና ዝፍልፍል እዩ። ስምዒት፣ሓሳብ፣ ፍቅሪ ፣ዕልኢት፣ ጉብዝናን ስንፍና፣ ፍልስፍናን ኣመለኻኽታ ህይወት ኩሉ ኣብ ውሽጢ ተጠሚሩ ዝርከብ ሰለዝኾነ ንምርዳእ ማሕበረሰባዊ ግንዛበ ወሳናይ እዩ (Mieder, 2004፣224) ።

ካብዚ እንርድኦ ስነቃል መረዳድኢ ስለዝኾነ አብ መንጎ ደቂሰባት ዘሎ ናይ ሓሳብ ምርድዳእ ዕውት ንክኸዉን ኣድላይ ከምዝኾነ እዩ።

Cakir (2010፣17) ሰነ ቃል ኣብ ከይዲ ዘረባን ዲስኮርን ማሕበረሰብ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝግለፀሉ ካብ ዕለታዊ ምርድዳእ ዝፍጠር ሰለዝኾነ ኣብ ትምህርቲ ምክታት ከም ሓደ ዘይተርፍ ጉዳይ ክዉሰድ ኣለዎ ይብል። እዚ ማለት ሰነ ቃል ኣብ መንጎ ሕሉፍ ትውልዲን መፃኢ ትውልዲን ዘሎ ሰነ ሓሳባዊ ምርድዳእ ንምፍጣር ከም ድልድይ ኮይኑ ከምዝጠቅም ዘርኢይ እዩ።

ብካልእ መንገዲ Mieder (2004፣224) ሰነቃል ካብ ባህሊ ሕድሕድ ማሕበረሰብ ዝቕዳሕ ኾይኑ ንትውልዲ ዝጠቅም ምኽሪ፣ኩነታት ኣነባብራ ሕይወት፣ እምነት ማሕበረሰበ ዝግለፀሉ ፣በሳል ምልከታ ማሕበረሰብ ዝረኣየሉ፣ካብ ማሕበራዊ ተሞክሮን ዕምቆት ምርዳእ ቋንቋን ዝተረኸበ ኣባሃህላን መግለፂ ህይወትን እዩ። ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ብያነታት ብምርኣይ ንእንታይነት ሰነቃል ሓደ ዓይነት ብይን ምሃብ ከምዘይካኣል እዩ። ኮይኑ ግና ናይ ኩሎም ሓባራዊ መግለፂ ተገይሩ ዝውስድ ሰነቃል ማሕበራዊ ሃፍቲን ኣብ ቋንቋ ዘለዎ ዕሙቕ ኣስተዋፅኦን እዩ.።

ስነቃል ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ንምስትምሃር ረብሓ ዘለዎ መሳርሒ ከምዝኾነ ይእመነሉ። ምኽንያቱ ስነቃል ብሉፁን ምዕሩይን ቋንቋ ስለዝጥቐም፤ ሰሓባይን ልዝብን ብዝኾነ ኣቀራርባ ስለዘለዎ ንምስትምሃር ክእለታት ቋንቋ ጠቃሚ እዩ።

ሰነቃል ናብ ስርዓት ትምህርቲ ዝካተተሉ ምኽንያት Bessmertnnyi (1994፣35) እንትገልፁ ከምዚ ይብሉ፤"ተለዋጢነት ቋንቋ ንምግላፅ ሓፀርን ለዛ ዘለዎም ኣገላልፃ ቋንቋታት ንምፍላጥ፣ ናይ ቃላት ምርዳእን ምግላፅን ባህሪያት ቀሊል ብዝኾነ ኣቀራርባ ንምርዳእ፣ ዘላቒነት ዘለዎም ባህሪያት ቋንቋ ንምርዳእን ንምግንዛብን ከምኡ እውን ሰነ ቃላዊ ግንዛበ ብምፍላጥ ኣብ ዕለታዊ ዝርርብ ተግባራዊ ንምግባር ይሕግዝ ይብል።

ብተመሳሳሊ Holt.E (1998፣11)"ሰነቃል ቋንቋ ብዕምቐት ንምርዳእ፣ ባህሊን ኩነታት ኣነባብራ ማህበረሰብ ንምፍላጥ፣ ማሕበረሰባዊ ኣታሓሳስባ ንምትርጓም ይሕግዝ" ይብል። ካብዚ እንርድኦ ሰነቃል ካብ ምምሃር ቋንቋ ብትወሳኺ ብርክት ዝበለ ረባሓ ከምዘለዎ እዩ።

ብኻሊእ መንገዲ Bennett (1998፣49) ሰነቃል ኣብ ትምህርቲ ዝህልዎ ሰለስተ መሰረታዊ ተግባር በከምዚ ይገልፆም፤ ሓደ "ጥበባዊ ሃፍቲን ባህላዊ ክብሪን ንትውልዲ ንምትህልላፍ" ይጠቅም። ካልኣይ "ህፃውንቲ ብዛዕባ ባህሪያትን ናውቲ ሃፍቲን ንምርዳእ" ይሕግዞም። ሳልሳይ ሰነቃላት "ዝርርብ ለዛ ብዘለዎ መንገዲ ሓሳብ ንምትህልላፍ" ይጠቕሞም ይብል። ካብዚ እንርድኦ ነገር ሰነቃል ኣብ ትምህርቲ ምውዓል ትወልዲ ንምርካብን ካብ ቋንቋ ሓሊፉ ዝሓሸ ማሕበራዊ ምርዳእ ንምፍጣር ከምዝሕግዝን እዩ።

ናይዚ መፅናዕቲ ቀንዲ ጠመተ ዕላማ ምእታውን ግቡእነት ኣቀራርባን ስነቃላት ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ክፍሊ እንትኾን ትኹረቱ ኣብ ዕላማ ቋንቋ ምዕዋት ዘለዎ ኩነታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ምፍታሽ ይኸውን።ስለዚ ዕላማ መፅናዕቲ ዝኸውን ክልተ እዩ። እቲ ሓደ ዕላማ ሰነቃላት እንታይ ከምዝኮነ ምፍታሽ እንትኾን እቲ ካልኣይ ድማ ብመሰረት ዕላማኦም ዘለዎም ኣቀራርባ ግብእነትን ምትንታን እዩ። ነዚ ዕላማ ከም ፍልፍል መረዳእታ ኮይኑ ዘገልግል ድማ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ክፍሊ እዩ።

## 1.2 ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ

ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃሮ ዕለታዊ ትምህርቶም ብቐልቢ ክከታተሉን ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ፍሉይ ፍቕሪ ክሓድሮምን እንተድኣ ኾይኑ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ትሕዝቶ ስነቃል ከም መምሃሪ ክእለታት ቋንቋ እንትመርፅ ብኣግባቡ እንትዋደድን ዝብል ሓሳብ ኣሎ። ፍቃደ (1991፣51)"ናይ ኢትዮጵያ ህፃናትናት ናይ ሃገሮም ስነቃል ዘውሪ ታሪክ ኣብ ቤት ትምህርቶም ብስርዓት እናተዘንተወሎም ንሳቶም ድማ ኣዳሚፆም ከም ዝሕጎሱሎምን ከም ዝመሃርሎምን ዝትግበረሉ እዋን ንምጥቃስ ኣፀጋሚ እዩ። እንተሃለወ እውን ብጣዕሚ ውሱንን ስርዓት ዘይብሉ ኣከያይዳ እናተተግበረ ዝፀንሐን ኣብዚ ሐዚ እዋን እናተዳኸመ ዝኸደ ዝመስልን እዩ።

ካብዚ እንግንዘቦ ነገር እንተሃለወ ስነቃል ንህፃናት ኢትዮጵያ ብስነቃል ኣቢልካ ንምምሃርን ተግባራዊ ኣብ ምግባርን ዓብዪ ክፍተት ከም ዘሎ እዩ።

ሰነቃል ብዘለዎ ረብሓ ኣብ መፅሓፍ ዝካተተሉ ምኽንያት ሰነ ፅሑፋዊ ዕቤትን በሳልን ዝኾነ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ንምፍጣር ናይ ምስማዕ፣ ምዝራብ፣ ምድማፅን ምፅሓፍን ክእለት ንምዕባይን ብዋናነት ድማ ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ዝምሓላለፍ ቅርሲ፣ሃፍቲ፣ ባህላዊን ኣገላልፃታትን ኣባሃህላታትን ንምርዳእ ይጠቅም ይብል (S.Andrews, 2007፣15) ።
ንመፅናዕቲ ቀንዲ ዘለዓዐለኒ ኣብ ላዕለዋይ ብርኪ ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ኣብ ምጥቃምን ምስታፍን ሰነቃላት ኣብ መፅሓፍ ተምሃሮ ብምፍታሽ ፀገም እንተሃለወ እውን መፈትሒ ንምቕማጥ እዩ ።

ካብዚ ብምብጋስ ኣብ 2008 ዓ.ም ብሚኒስተር ትምህርቲ ዝተዳለወ ሓዱሽ መፅሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ተምሃራይ ንምምሃር ምስትምሃር ክእለታት ቋንቋ እንትምረፅ ዝኣትወሉ ዕላማን ግቡእነት ኣቀራርቦኦምን እንታይ ከምዝመሰሉ ምፍታሽ ከምኡእውን ስነ ቃል ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ዘለዎ ግደ ብምትንታን መምሃሪ መፃሕፍቲ ኣብ ብከመይ ደረጃ ከምዘለዉ ይፍትሽ። እዚ መፅናዕቲ ድሕሪ ምውድኡ ክምልሶም ተባሂሉ ዝግመት ሕቶታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

i. ብመዳይ ምምሃር ትሕዝቶ ዝኣተው ስነቃል ዝኣተወሉ ዕላማ እንታይ ይመስል?
ii. ኣብ መፅሓፍ ተማሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ዝቐረቡ ስነቃላት ንምንታይ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ንምዕዋት ኣትዮም?
iii. በዝሒ ኣብ መፅሓፍ ተማሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ዝኣተዉ ስነ ቃላት ክንደይ እዮም?

## 1.3 ዕላማ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ ሓፈሻውን ዝርዝርን ዕላማታት ኣለውዎ።

### 1.3.1 ሓፈሻዊ ዕላማ

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ እዚ ዕላማ ምእታው ስነቃልን ግቡእነት ኣቀራርቦኦምን መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ምትንታን እዩ።

### 1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት

i. ብመዳይ ምምሃር ትሕዝቶ ዝኣተወ ስነቃል ዕላመኦም ምፍታሽ
ii. በዝሒ ኣብ መፅሓፍ ዝኣተዉ ሰነቃላት ምዝርዛር
iii. ኣብ መፅሓፍ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ዝቐረቡ ስነቃላት ዝኣተወሉ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ምግላፅ
iv. ዝተነፀረ ዕላማ ትምህርቲ ንምዕዋት ዝኣተው ስነቃል ዘለዎም ግቡእነት ኣቀራርባ ምግምጋም

## 1.4 ረብሓ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ድሕሪ ምዝዛም እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ክህብ ትፅቢት ይግበረሉ።

✓ ኣብ ምድልው ስርዓተ ትምህርቲ ስነቃል ትኹረት ክዋሃቦ ይገብር።
✓ ከምዚ ዓይነት ተማሳሳሊ መፅናዕቲ ንዝገብሩ ከም መበገሲ ይኾዉን።
✓ ኣብ መምሃሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ስነቃላት ጠመተ ክግበረሉ ንዝምልከቶ ሓበሬታ ይህብ ።

## 1.5 ደረት መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብምትሕብባር ሚኒስተር ትምህርቲ ክልል ትግራይ ኣብ 2008 ዓ/ም ዝተሓተመ ኮይኑ ቀንዲ ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ድማ ዕላማ ምእታው ስነቃልን ግቡእነት ኣቀራርቦኦምን እንታይ ከምዝመስል ዘርኢ እዩ።

## 1.6 ኣብ ከይዲ መፅናዕቲ ዘጋጠሙ ፀገማትን መፍትሒኦምን

እዚ መፅናዕቲ እንትፅንዕ ዘጋጠሙ ፀገማት፦

- ብትግርኛ ዝተፃሓፉ ሓገዝቲ መፅናዕትታት ብቐረባ ዘይምርካብ።
- ብቋንቋ ትግርኛ ተተርጒሞም ዝተፅሓፉ መዋኽስቲ ድርሳናት ምሰኣን

ከም ፀገም ዝተልዓለ እነትኾን ሰባት ብምሕታት፣ ብዙሓት መፅሓፍቲ ብምእላሽ፣ካብ ኢንተርኔት ወይ መርበብ ሓበሬታ እናውረድካ ምጥቃም።ብተወሳኺ ብፈተሻ ሰነድ መረዳእታ ምእካብ ተፈቲሑ እዩ።

# ምዕራፍ ክልተ
# ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትንቅዱማት መፅናዕትታትን

## 2.1 ዳህሳስ ተዛመደቲ ክልስ ሓሳባት

### 2.1.1 እንታይነት ስነ ፅሑፍ

ስነፅሑፍ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ብዝተፈላለዩ ምሁራን ዝተፈላለዩ ብያነታት እናተውሃበ ዝመፀ ሓደ ዘፈር ኪነጥበብ እዩ። ስነፅሑፍ ብሓደ ገፅ ንዝኾነ ይኹን ኣብ ፅሑፍ ዝወዓለ ነገር ዝጥርንፍ እንትኸውን እንክሎ÷ብኻሊእ ገፅ ድማ ብምናባውነቶምን ጥበባውነቶምን ክብ ዝበለ ደረጃ ዘለዎም ስራሕቲ ፈጠራ ዝምልከት ኮይኑ ንረኽቦ። በዚ መዳይ ስነ ቃል (ምናባዊ ኩዋንኡ ብቓል ወይ ድማ ብኣፍዝቐርብ ጥበብ) እውን ካብቶም ክብ ዝበሉን ፅሬት ደረጅኦም ዝተመስከረሎም ዓይነት ስነፅሑፍ ማዕረ ክስራዕ ዝኽእል ይኸውን። ንዝኾነ ግን÷ ንእንታይነት ስነ ፅሑፍ ብብያነ ንምውሳን (ንምግዳብ) ዘገድደና ቁምነገር ብኣውራኡ እቲ ዝተበገስናሉ "ዕላማ" እዩ  ክኸውን ዝኽእል። በዚ ድማ ÷ አንተስ ኣግፊሕና እንተስ ኣፅቢብና ንኽንውስኖ ንምፅናዕ ዘደለናዮ ጉዳይ ምንፃር ሓገዙ ዝለዓለ ይኸውን  ጌታሁን፣ (1999፣3)።

እዚ ኣብ ላዕሊ ብጌታሁን ዝቐረበ ኣገላልፃ ብፍላይ ድማ እንታይነት " ስነፅሑፍ ብብያነ ንምውሳን (ንምግዳብ) ዘገድደና ቁምነገር ብኣውርኡ ዝተበገስናሉ 'ዕላማ' እዩ ክኸውን ዝኽእል" ዝብል ሓሳብ ዝደገፍ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ሒዝናዮ ንለዓል ዕላማ መፅናዕቲ ምስ ከመይ ዝበለ ብያነ ስነፅሑፍ ከም ዝሳነ እቲ ዕላማ ባዕሉ ወሳኒ ስለ ዝኾነ። ንኣብነት ስራሕቲ ስነፅሑፍ ኣብ ምምዕባል ክእለት ፅሕፈት ቋንቋ ትግርኛ ዝብል መፅናዓይ እዚ መፅናዕቲ ሒዙዎ ዝተበገሰ ርእሲ መፅናዕቲ እዩ። ኣብዚ ርእሲ ስራሕቲ ስነፅሑፍ እንትንፅሕፍ ብምንባዊነቶምን ጥበባዊነቶምን ክብ ዝበለ ደረጃ ንዝሓዙ ስራሕቲ ፈጠራ ተባሂሉ ምስ ተገለፀ ብያነ ስነፅሑፍ ዝስማዕማዕ እዩ። እዚ ድማ ንዝኾነ ይኹን ኣብ ፅሑፍ ዝወዓለ ነገር ዘይጥርንፍ እዩ።

ዘሪሁን(1998፣1-2) ኣገላልፃ እንትረአ እውን "ዝኾነ ይኹን ዝተፅሓፈ ነገር ስነፅሑፍ ድዩ?" ዝብል ሕቶ "እወ" ን "ኣይፋል" ንዝብሉ ክልቲኦም መልሲታት ከም ዝኾኑ እዩ ዝሕብር። በዚ ድማ ምስቲ ናይ ጌታሁን ሓሳብ ተመሳሳላይነት ኣለዎ ንምባል ይከኣል። ስለዚ ብያነ ስነፅሑፍ ከከም ኣበጋግሳና ክፍላለ ዝኽእል ምዃኑ ንግምግም። Lazar (1993፥2)ን Selden (1959፥2) ጠቒሳ ድማ "ስነፅሑፍ ዘይልሙዱ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ጎሊሁ ዝረኣየሉ እዩ።

ስነፅሑፍ ነቲ ስርዓት ቋንቋ ዝተኸተለ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ብምፍራስ ንነገራት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንርኢ ዝገብር እዩ።" ትብል ። ካብዚ ኣብ ላዕሊ ብLazar ዝቐረበ ብያነ ስነፅሑፍ ክልተ ዋና ሓሳባት ምፍላይ ንኽእል። እቲ ሓደ ሓሳብስነፅሑፍ፣ ስነፅሑፍዘብሎ መብዛሕቲኡ ጊዜ ነቶም እንፈልጦምን ዝለመድናዮምን ቃላት፣ ሓረጋት፣ ወዘተ ብዘይለመድናዮ ኣገባብ (ኣጠቓቕማ ቋንቋ) ኣዋዲዱ ዘቕርበልና ምኳኑ እዩ። እቲ ካልእ ሓሳብ ድማ ስነፅሑፍ በቲ ኣጠቓቕማ ቋንቋኡ ኣቢሉ ንነገራት ብተመስጦ ክንርኢ ዝገብር እዩ። በዚ ድማ ስነፅሑፍ ስምዒታትና ፅልዋ ክሓድሮም ዝገብር ሓይሊ ዘለዎ ምኳኑ ንግንዘብ። እዚ ሓይሊ ጎሊሁ ዝረአየሎም ድማ ግጥሚታት፣ ልበወለዳት፣ ስነቃላትን ተዋስኦታትን እዮም። በዚ ድማ በቲ ኣብ ላዕሊ ብLazar ዝቐረበ ብያነ ስነፅሑፍ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርናዮም ነገራት ዝምልከት ይመስል።

ብሓፈሻ ንስነፅሑፍ ኣፅቢብና ይኹን ኣግፊሕና ንምርኣይ እንትንፍትን ንኹላትና ብዘስማዕምዕ መንገዲ ኩለ መዳያዊ እንታይነቱ ዝገልፅ ብያነ ንምርካብ ይኹን ንምሃብዝኸብድ እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ባህርያቱ፣ ትሕዝትኡ፣ ግልጋለቱ ከምኡ እውን በቢእዋኑ ዝተፈላለየ ግንዛበ ፍልስፍና ምሁራን ዝነቅል እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ስነቃላት፣ ግጥሚታት፣ ተዋስኦታት ከምኡ እውን ልበወለዳት ዘመሳሰል ባህሪይ ኣለዎም። ኩሎም ወዲሰብ ባዕሉን ከባቢኡን ዘካይዶም ርክብ ዘርእዩ እዮም፤ ኩሎም ፀለውቲ እዮም፤ ኩሎም ካብ በሊሕ ኣእምሮ ዝፍልፍሉን ምዕቡል ኣጠቓቕማ ቋንቋ ጎሊሁ ዝረኣየሎምን ውፅኢታት ፈጠራ እዮም፤ በዚ ድማ ኣብ ሓደ ጠሚርካ ምርኣዮም ንምፅናዖም ምችውነት ይህልዎም።

ካብዚ ብምብጋስ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ መሰረት ገይርና ብያነ ስነፅሑፍ እንትነቕርብ÷ ስነፅሑፍ ምዕቡል ኣጠቓቕማ ቋንቋ ጎሊሁ ንዝረኣየሎም ውፅኢታት ፈጠራ ንዝኾኑ ስራሕቲ ዝምልከት ኮይኑ ንረኽቦ።

ይኹን እምበር ነዞም ፅሑፋት መበገሲኦም ስነ ቃል እዩ። ከም ምስላታት ፣ ቢሂላትን ካልኦት ዓይነታት ስነ ቃልን ኣብቲ ስነፅሑፍ እናኣተው ፍሉይ ጥበባዊ ትሕዝቶ ንክህልዎ ስለዝገብሩ ንተምሃሮ እናሓደሱን እናዘናግዑን ንክመሃሩ ኣብርእሲ ምግባሮም እዞም ፅሑፋት ዘመሓላልፍዎ መልእክቲ መቀረት ክህልዎን ናይ ተምሃሮ ስሚዒት ብምልዕዓል እቲ ስነ ፅሁፍ ተነባባይ ንክኸውን ናይ ስነ ቃል ተግባር ዝለዓለ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ስነፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ እንትውዕል ናይ ስነ ቃል ግደ ዕዙዝ ተራ ከምዘለዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

## 2.1.2 እንታይነት ስነ-ቃል

ስነ-ቃል ናይ ኣብ ሓደ ዘመን ዝነበረ ሕብረተሰብ ኢኮኖሚ፣ፖለቲካ፣ ማሕበራዊን ባህላዊን ተርእዮታት ጠርኒፉ ዝሓዘን እዚ ድማ ሰባት ፊደላት ቀሪዖም ሓሳቦም ብፅሑፍ ክገልፁ ኣብ ዘይኽእልሉ ዝነበረ እዋን ዝፈጥርዎ ቃላዊ መሳርሒ ምዃኑ እዩ።ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ስነ-ቃልዝሓዞ ኩለመዳዊ ምንቅስቓስ ሕብረተሰብ ናብ ካሊእ ክመሓላለፍ ዝኽእል ብምዝራብ፣ብምምሳል፣ብምብያን፣ብኣፍ ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ብምምሕልላፍ ሃለዋቱ ቀፃሊነት ክህሉ ይገብር። ምዃኑውን ስነ-ቃል ዘየልዕሎ ሂወት የብሉን።ስነ-ቃል ንሓዘን፣ንታሕጓስ፣ንፍቕሪ፣ንዕልኢ ፣ንዓወት ፣ንስዕረት፣ንትንቢት ፣ንተስፋን፣ ፖለቲካዊ ቅዋሞምን ወይ ድጋፍ፣ንስራሕ ኣሳልጦ ብቃል ኮታስ ንኩሉ መልክዕ ሂወት ዝትንክፍ ጥበብ ሕብረተሰብ እዩ።ብዛዕባ እንታይነት ስነ ቃል ዝተፋላለዩ ምሁራን ዝተፈላለየ ወሰነ ትርጉም እንትህብሉ ንዕዘብ ።

ስነ-ቃለ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብቃል እናተመሓላለፈ ዝመፀ ኣፋዊ መግለፂ ማሕበረሰብ እዩ። ብዛዐባ ስነ-ቃል ኣመልክቱ ኣስመሮም (1987፣312) ከምዚ ዝስዕብ ይገልፆ። « ስነ-ቃል /oral literature/ ተረት ፣ኣፈታርክ ፣ምስላታት ፣ሕንቅሕቅልተይ፣ እንካዝግነን፣ ዝተፈላለዩናይ ግጥሚ ዓይነታት ዝኣመሰሉ የመላክት።» ብምባል እንትግለፅ፣ዳኒኤል /2002፣14/ ካዓ እዙይ ዝስዕብ ሓሳብ የስፍር ።

ኣሰመሮም /1987፣313/ ን ታምራት ጠቅሱ "ብመሰረቱ ኣብ ናይ ወዲ ሰብ ታሪክ ዝተፋላለዩ ትውልዲታት ከም ሰንሰለት ብምትሕሓዝ ሕብረተሰባዊ ህልውነኦም ንከይቃወሰ ክገብሩ ዝፀንሑ መፃሕፍቲ ኾይኑ ትውፊት ምዃኑ ኣትኹርኻ ምሕሳብ የድሊ" ክብል ይቐምጥ ።

እዙይ ዘእየና ሰነ ቃል ኣብ ፅሑፍ ዘይሰፈረ ብቃል መልክዕ ዝትረኽ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተማሓላለፈ ዝመፀ ሃፍቲ ሕብረተስብ እዩ ምባል ይኻኣል ።

ኣስመሮም /1987፣314/ ንሩዝ ፊነጋን ጠቅሱ ብዛዕባ እንታይነት ስነ ቃል "ሓፋሽ ምንም ከይተምሃረ ካብ ልምዲ ዘዋህለሎ ፣ህዝባዊ ሀብቲ ወይ ሓድጊ ኹሉ ስነ ቃል ይባሃል ።" ክብል ይገልፅ።ዳንኤል /2002፣23/ ብዛዕባ እንታይነት ስነቃል ኣመልኪቱ እንትገልፅ "ስነቃል ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብቃል እንዳተሰጋገረ ዝመፅእ ዘሎን ዝህሉን ጥበብ እዩ።"

ካብዚ ሓሳብ እንርድኦ እውን ስነ-ቃል መግለፂ መንነት ሕብረተሰብ ምዃኑ ፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብቃል እናተመሓላለፈ ዝመፀን ዝቅፅልን ፍልጠት ኾይኑ መልክዕን ፅባቐን ተላቢሱ ዝመፅእ ዓውደ ጥበብ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ።

ኣስመሮም/1987፣313/ "ስነ-ቃል ኣብ ፅሑፍ ዘይሰፈረ ከምኡ ኢሉ ብኣፍ ብምትራኽ ጥራሕ ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ብምትሕልላፍ ዝመፀ ቅርሲ እዩ።ፅንስ ሓሳብ / ትርጉም/ እዚ ዘፈር ብዙሓት ነገራት እውን ዘጠቓለለ እዩ።" ክብል ይገልፆ።

ስነ ቃል ንሓደ ማሕበረሰብ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ። ብስነ-ቓል ኣቢሉ መንነቱ ንምግላፅ፣ስምዒቱ ንምንፅብራቅ፣ ሓጎሱ፣ሓዘኑ፣ፍልስፍና ተሞክሮ ሂወቱ፣ውልቃዊን ማሕበራዊን ኣረኣእያታቱ ፣ ስነ-ስርዓት ኣነባብርኡ ፣ ስነ-ስርዓት ኣካዳድንኡን ኣበላልዑዑን ንመሳለጢ ስራሕን ምንቅስቃስን ንምምሃር ወዘተ ስነ-ቃል ዕዙዝ ረብሓ ይህብ። ናይቲ ማሕበረሰብ ፅቡቓት ዝብሎም ልማዳትን ባህሊን ንሙምጋስ። ጎዳእቲን ፀያፋትን ንዝኾኑ ከዓ ንምንቃፍ እውን ስነ-ቃል ናይ ባዕሉ ኣበርክቶ ይፃወት እዩ።

ዘሪሁን /2002፣20/ብዛዕባ እንታይነት ስነ-ቃል ኣመልክቱ "ስነቃል ብዝርርብ ፣ብምትራክ ፣ወይ ብምዝያም ፣ኣብ ዝተወሰኑ ማሕበራዊ ክስተታት ዝፍፀም ቃላዊ ፈጠራ እንትኾውን ናይ ሓደ ማሕበረሰብ ባህሊ ወግዒን ልማድን ከምኡ እውን ታሪክ ከም መተሓላለፊን ፍሉያት ተሪኣዮታትን ናይህወት መልክዓትን መግለፂ ኪነ -ጥበብ እዩ።"

ሰነ ቃል ካብ ባህላዊ ሃፍትታት ሓደ ከይኑ ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ብቃል ዝማሓላለፍ እዩ። መሰረታዊ ዕላማኡ ድማ ትውልዲ ምምሃር እዩ። ከም ኣገላልፃ Bessmertnnyi (1994፥62) "ሰነ ቃል ብክንውን ወይ በተግባር ካብ ሕይውት ወዲ ሰብ ተቐዲሑ ናብ ትውልዲ ብተግባር ዝማሓላለፍ እዩ "ይብሉ። እዚ ማለት ፍልፍል ሰነ ቃል ሕይውት ቀደሞት ኣያታት እዩ ማለት ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ተሞክሮ ዝፍልፍል ሓቃዊነት ዘለዎም እዩ።

Cakir (2010፥21) "ሰነ ቃል ማለት ባህሊ፣ ቃልሲ፣ ዓወትን ህልውናን ኣያታት ኮይኑ ንትውልዲ ንክማሓላለፍ ትምህርታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ነጥብታት ሕይወት እዮም" ይብል። እዚ እውን እንታይነት ሰነ ቃል ምስ ህይውት ብምትእስሳር ንትምህርታዊ ኣገላልፃ ንጥቀመሉም ምኽኒ ዝሕብር እዩ።

## 2.1.3.ኣቀራርባ ስነቃል

እዚ ኣቐራርባ ስነፅሑፍ ናብ ስነቃል ብምቅናይ ዝተሰርሐ እዩ፡ስነቃል ብሃበተረኽበ ዝቐርብ እንተይኾነስ ናይባዕሉ ኣተገባብራ ስርዓትን ዘለዎን ንተምሃሮ ብዝተፈላለየ መንገዲታት ንኽርቡሑን ናብ ዝልዓለ ብርኺ ንክመጣጠሩ ይገብር እዩ፡

ነዚ ኣመልኪታ Lazar {1993+27} ኣብ ቋንቋ ስነቃል ጥራሕ ምጥቓም እንተይኮነስ ተከኒካት፣ ቅደም ሰዓብ ኣተገባብራ፣ሽቶታት ዘለዎም ኮይኖም ዕላምኦም ድማ ተምሃሮ ዝረኽቡዎ ፅሑፋት ንክትርጉሙ፣ ብቕዓት ዘለዎ ፍርዲ ናይ ምሃብ ክእለትን ፍልጠቶምን ንከመሓይሹ ይህግዞም ትብል። ብተወሳኺ Lazar(1993፥23-24) ስነቃል ሓደ ዘፈር ስነ ፅሑፍ ከምዝኾነ ብምምልካት ኣቀራርብኡ ድማ ሰለስተ መርኣያታት /Models/ ከምዘለዉ

ንሳቶም ድማ መርኣያ ቋንቋ ተኮር፣ መርኣያ ባህሊ ተኮርመርኣያ ዕብየት ውልቀ ሰብእና ተኮርን ዝበሃሉ ሰለስተ መልክዓት ከምዘለዉዎ ነዞምመርኣያታት ኣስፍሕ ኣቢላ ብከምዝስዕብ ተብራህርሆም።

### 2.1.3.1 ቋንቋ ተኮር መርኣያ፦

እዚ መርኣያ ስነ ፅሑፍ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ እንትውዕል ክህልዎ ዝግበኦ ኣቀራርባ እምልከት እዩ። ኣብዚ እቲ ቀንዲ ተፀራሒ ኣጠቓቕማ ቋንቋ እዩ። ንሱ እውን ስነ ቃል ብቋንቋ ይዕብኞ፣ ብቋንቋ ይምዕብል፣ ብቋንቋ ይግለፅ፣ ሰሓባይነቱ ፣ ፈጠራዊነቱ ወዘተ. ኣብ ቋንቋ ዝተመስረተ እዩ። ቀንዲ መትከል እዚ መርኣያ ቋንቋን ኣጠቓቕማ ቋንቋን ምምርማርን ምትንታንን ኢሉ ድማ ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ቋንቋን ስነ ፅሑፍን ስጡም ርክብ ክፍጠር ምግባር እዩ። ዓሚቕ ትንተና ቋንቋ ስነ ፅሑፍ ምግባርን ምትንታንን ንሓደ ትምሃራይ ቋንቋ ዕዙዝ ረብሓ ኣለዎ። ኣብ ክፍሊ እንጥቀመሉ ሓደ ውፅኢት ስነ ፅሑፍ እንጥቀመሉ ቋንቋ ብዝግባእ ተንቲንና ብዘቕረብናዮ ቁፅሪ ተምሃራይ ቋንቋ ነገራት ብቀሊሉ ናይ ምርዳእ ክእለት የዕቢ።መምህር ቋንቋ ከምዚ ዓይነት ተግባር ደጋጊሙ ብዝኸወነን ተምሃሮኡ ብዘሳተፈን ቁፅሪ፣ ተምሃሮ ክእለትን ፍልጠትን ቋንቋ የዕብዩ፣ ኣጠቓቕማ ቋንቋ የማዕብሉን ነቲ ዕሉም ቋንቋ ይመልኩን። ኣብዚ ዝምረፁ ፅሑፋት ልዑል ቅዲ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ዝወነኑ እዮም። እዚ ክንብል ከለና ስነ ፅሑፋዊ ትሕዝትኦም ከምዘለዎ ኮይኑ ማለት እዩ።

### 2.1.3.2 ትሕዝቶ ተኮር መርኣያ

እዚ ዓይነት መርኣያ ባህሊ ተኮር መርኣያ እናተብሃለ እውን ይፍለጥ እዩ። ኣብዚ መርኣያ እዚ ምሉእ ብምሉእ ሓደ ውፅኢት ስነ ፅሑፍ ትሕዝቶ ትምህርቲ ቋንቋ ይኸውን። ትኹረቱ ድማ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህላዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ስነ ልቦናዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ ታሪኻዊ፣ ፍልስፍና ወዘተ. ድሕረ በይታ እቲ ስነ ፅሕፋዊ ስራሕ ዝተሰከሞ ትሕዝቶ ይኸውን። ኣብዚ ተምሃሮ ክእለት ቋንቋኦም ዘዕብዩ ኣብ ትሕዝቶ እቲ ስነ ፅሑፋዊ ውፅኢት ብምትኳርን ኣብኡ ተሞርኵሶም ስነ ፅሑፋዊ ሂስ ብምክያድ እዩ። ኣብዚ ናውቲ ትምህርቲ ኣብቲ ስነ ፅሑፍ እቲ ተተኳሪ ማሕበረሰብ ብዘለዎም ዕልዋ ይምረፁ።

### 2.1.3.3 ዕብየት ውልቀ ስብእና ተኮር መርኣያ

መርኣያ ዕብየት ውልቀ ስብእና ተኮር "ስነ ፅሑፍ ንህንፀት ውልቀ ባህሪ ተምሃራይ" ዝብል ጭርሖ ዝተሓንገጠ እዩ። ኣብዚ ተምሃሮ ውልቀ ስምዒቶምን ድልየቶምን ማእኸል ገይሮም ልምዶም ከንፀባርቑ ይገብር። እዚ ተግባራዊ ንምግባር ምትብባዕ ልዑል ባይታ ይወሃቦ። ኣብዚ ናውትታት ትምህርቲ ዓቕምን ድልየትን ተምሃሮ መሰረት ገይሮም ይምረፁ።

ልዕል ኢ.ሉ ከም ዝቐረበ ምስ ኣቀራርባ ስነቃል ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ተኣሳሲሩ ሰለስተ መርኣያታት ኣለዉ። እዞም መርኣያታት እዚኦም ነናይዓርሶም ድኽመትን ጥንካረን ክህልዎም ይኽእል እዩ። ዕላማ እዞም መርኣያታት ስሉጥ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ክህሉ ምግባርን ተምሃሮ ተረባሕቲ ምግባርን እዩ። ብምኻኑ ድማ መምህራን ቋንቋ ነዞም መርኣያታት ብልቢ ብምርዳእ ነቶም ሓለፋታት እዞም መርኣያታት ምስ ድሕረ ባይታ ተምሃሮኦም ንኩነታት ምምሃር ምስትምሃርን እናዛመዱ ከተግብርዎምን ተምሃሮኦም ክረብሑን ይግባእ።

ናይ ስነ-ቃል ኣቐራርባ ቃልብቃል እናተመሓላለፈ እንትመፅእ ምስቲ ናይ መጀመርያ ትሕዝትኡ ተመሳሳሊ ኾይኑ ኣይንረክብን።ነዚ ከም ምኽንያት ዝኾነና ድማ ተረካቢ ወለዶ ናይ ምርኻብ ዓቕሙ እቶም ዝመሓላለፉ ስነ-ቃል ኩነታት ትሕዝቶኦምን መጠኖምን መሰረት ብምግባር እዩ።ናይ ስነ-ቃል ኣቐራርባ ከምዘለዎ ኣብ ስራሕቲ ዳኒኤል (2000፥13) ፍቓድ ኣዘዘ እውን ኣለዉ።ንሳቶም ድማ

**ሀ/ብግጥሚ፡-**እዚ ዓይነት ኣቐራርባ ብግጥሚን ዜማን ዝቐርብ እንትኸውን ከም ደርፊ፣መልቀስ፣ጉማየ፣ ጭራ፣ምርቓ፣መርገም፣ልመና ወዘተ ዘጠቓለለ እዩ።

**ለ/ ብሌጣ፡-**እዚ ዓይነት ኣቀራርባ ብስዲ ንባብ መልክዕ ዝቐርቡ ስነ-ቃላት ዝሓዘ።ከም ነበረያነበረ ምጥቃስ ይከኣል እዩ።

**ሐ/ሓፂር ቅርፂ ዘለዎ ኣቐራርባ፡-**መብዛሕቲኡ ጊዜ ብሌጣን ግጥሚን ዝንገሩ ስነ-ቃላት ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ እዩ።ከም ኣብነት ቀልዲታት፣ሕንቅሕንቅሊተይ፣ምስላዊ ዘረባታት ጠሚሩ ዘካተተ እዩ።

ስነ ቃል ብክልተ መልክዕ ከም ዝቀርብ ዝተፋላለዩ ምሁራን እንትቅምጡ ንዕዘብ ። ዘሪሁን /2002፣28/ ብዛዕባኣቃራርባ ሰነ ቃላት ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል፤"ዓይነታት ሰነ ቃል ብዙሓት እዮም።በቢ ከባቢኡን ባህሉን ዘተፋላለዮ ሰነ ቃላት እንተሃለዉ እካ መብዛሕቲኦም ብክልተ ዓበይቲ መልክዓት ይክሰቱ።እቲ ናይመጀመርያ ዝሩው /ሌጣ/ ብትረካ ዝቀርብ እንትኮውን እት ካልኣይ ድማ ብግጥሚ ዝቀርቡን ዝዝየሙን እዮም።"

ካብዚ ልዕል ኢ.ሉ ዝቐረበ ሓሳብ እንግንዘቦ ነገር ስነ ቃል ብግጥሚን ብሌጣን መልክዕ ዝቀርብ እንትኾን ካብቶም ግጥማዊ ቅርፂ ዘለዎም ፈኸራ ፣መልቀሰ ፣ባህላዊደረፍታትን ...ወዘተ ኣብነት ምሃብ እንትካኣል ብሌጣ መልኽዕ ዝቅርቡ ካዓ ኣፈታሪክ ፣ሓተታ ተፈጥሮ ፣..ወዘተ ምዕራሕ ካም ዝካኣል እዩ ።ስለዚ እዞም ልዕልኢ.ሎም ዝተፀርሑ ቅርፂታት ነቶም ዓይነታት ስነ ቃል ዝቅርበሎም መልክዓት ምኳኑ ምግንዛብ ይካኣል እዩ ።

## 2.1.4 ስነቃል ትሕዝቶ ንምምሃር

ስነቃል ከም ትሕዝቶ ኮይኑ ከገልግል እንተሎ ነቲ ተምሃራይ እናተዘናግዐ ባህሉ፣ ታሪኩ፣ ልምዱ፣ውግዑ ንክፈልጥ ይሕግዞ እዩ።ነዚ ንምጥንኻር

Lazar (1993+35) ስነቃል ትሕዝቶ ንምምሃር ኣድለይቲ ካብ ዝባሃሉ ሓደ ከምዝኾኑን ተምሃሮ ከምታሪክ፣ ኩሉ መዳያዊ ባህሪ ስነቃል፣ማሕበራዊ ፣ፖሰቲካዊ፣ድሕረባይታ ታሪክ ብ መፅሓፍ ፍልፍል ህይወት ታሪክ ደቂ ሰባት ንክፅሕፉ ጠቓሚ እዩ»ትብል።

Mieder (2004፥33) ሰነቃል ሰለስተ መሰረታዊ ባህሪያት አለውዎ። ሓደ ፅንስ ሓሳባዊ አቀራርባ፣ካልአይ ሰነ ባህሪዊ ትሕዝቶ፣ ሳልሳይ ድማ አካልዊ ነፀብራቅ አለዎ ይብል።

ከም Mieder አባሃህላ ሰነ ቃል በፅንስ ሃሳብ ደረጃ ንስነ ምግባር ዝኸውን እኩል አስተምህሮ አለዎ። ዋላኳ አብ ገለ ገለ አገላልፃ ንዘመን ዘይምጥን ማለት ከም "ሰበይቲን ኸልቢን ገፅ አይታሃቦም " ዓይነት አባሃህላ ዘመን ዝሃለፎ እንተሃለዉውን መበዛ ቲኦም ግን መሰረታዊ ሓቂ አብቲ ዝተዘረበሉ እዋን ዘሎ ዝሕብሩ እዮም።

በተወሳኺ እውን ካብ ዓይነቶም ተበጊስና ከከም ኩነታቱ ዝተፈላለየ ትምህርቲ ምውሳድ ከም ዝካኣል ዝሓበረ ካዓ Bennett (1998፥45) እዩ። ከምናቱ አባሃህል ካብቶም ዘለዉ ሰለስተ ክፍልታት ማለት ሓተታ ተፈጥሮ፣ አፈ ታሪክን ሕንቅልሕንቅሊተይ እነተወሰድና ከከም ዓይነቶም ትምህረቲ ንረክብ ይብል። አብነት አብ ሓተታ ተፈጥሮ ወዲ ሰብ ካብ ሳይንሳዊ ወፃኢ ዝኾኑ ተፈጥራዊ አቀማምታጣ መሬት፣ አፈጣጥራ እንሰሳትን ካልኦት ሚስጥራዊ ነገራት ንምግማትን ንምትንታንን ይሕግዝ ይብል።

## 2.2.5 ባህሪያት ስነ ቃል

ስነ-ቃል ናይ ደቂ ሰባት ኣብ ዕለታዊ መነባብርኦም ፣ሓጎሶም፣ ሓዘኖም፣ንያተኦም ባዕሎምን ንምግላፅ ብሃንደበት ብስምዒት ዝፈጥርዎ ሓደ ቃላዊ ስነፅሑፍ እንትኸውን እዚ ድማ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ባህሪያት ኣለዎ።ዝተፋላለዩ ሙሁራን ብዛዕባ ባህርያት ስነ ቃል እንትገልፁ ንዕዘብ።ዝሪሁን /2002፣22/ ከመዚ ይብል፤- " ስነ ቃል ክልተ ቀንዲ ባህርያትኣለውዎ ምባል ይካኣል።ንሳቶም እውን ክወናን ተላዋዋጣይን እዮም።" እንትብሉ ዳኒኤል /2002፣39-46/ እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ባህሪያት ሰነቃል ምኻኖምይሕብር ።

***ሀ. ፈጠራዊነት*** ፡- መብዛሕትኡ ግዜ ስነ ቃል ሃፍቲ ማሕብረሰብ ኾይኑ እዩ ዘገልግል። ሰነ ቃላት መን ከም ዝማሃዞም ብዕሊ ስለ ዘይፍለጡ ናይቲ ማሕበረሰብ መገልገልቲ ኾይኖም

እንትገልግሉ ማሃዛይ የብሎምን ማለት ዘይኮነስ ብስም ውልቀ ሰባት ስለ ዘይፍለጡ ካብ ተሓታታይነት ንምምላጥ እውን ስለ ዝጠቅሙ እቲ ሕበረተሰብ ካዓኣብ ማሃዛይ ኣካል ዘይ ኮነስ ኣብቲ ቁም ነገር ስለ ዘድህብ ስነ ቃል ፈጠራዊ ባህሪ ተላቢሲ ይነብር።

**ለ.ብሓፂሩ ይቀርብ** ፦ ስነ ቃላት ቅድሚ ጥበብ ፅሕፈት ዝማዕበሉ መግለፂታት ፍልስፍና ማሕበረሰብ ስለ ዝኾኑ ብዘይ ተምሃረ ሰብ ብቀሊሉ ብቃል ንክታሓዙን ንክምለኩን ምእንቲ ሓፀርቲ ኣቀራርባ ይጥቀሙ ። ምኽንያቱ ስነ ቃላት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብቃል ስለ ዝመሓላለፉ ሕፅር ዝበሉ ሓሳባት ዝሕዙ እዮም ።

ስነቃል ባህሪኡ ብሓፂር ይቐርብ።ንዚ ክልተ ነጥብታት ከም ምኽንያት ምቕራብ ይካኣል፡ዳኒኤል (1998)።እቲ ሓደ ተጠቃሚ ስነ-ቃል እንትዛረቦ ከፍ ኢልካ ናይ ምድማፅ ዓቕሙ ድሩት ወይ ሓፂር ስለዝኾነ ፤እቲ ካልኣይ ምኽንያት ክዓ ሰማዒ ስነ-ቃል ሰሚዑ ኣብ ኣእምሩኡ ብምፅቋር ንኻሊእ ናይ ምዝራብ ብቕዓቱ ዉሱን ስለዝኸውን እዩ።ስለዚህ ስነ-ቃል ናይ ምቕራብ ባህሪ ኣለዎ ይብሃል።

**ሐ.ክወና** ፦ስነ ቃላት ነናይ ባዕሎም ክወናታት ኣለውዎም ። ስነ ቃላት ብደርፌ መልክዕ ፣ብነበረያ ነበረንብፈከራ ወዘተ እንትቀርቡ ምስ ተግባሮም ተዋዲዱ ይቐርብ ።ንኣብነት ሓደ ፈካሪ እንትፍክር ዝገብሮ ምንቅስቃስ ምስቲ ዝፍክሮ ዘሎ ግጥሚ ዝኸይድ ክወና እናዘለለ ፣ፈጠጥ እናበለ ሓቦን ኒሕን ብዘትሕዝ መልክዑ ይፍክር ። እዙይ ምንቅስቃስ ካዓ ክወናንብሎ ።

**መ. ሕሉፍን ህልውን ህወት ይገልፅ** ፦ስነ ቃላት ናይቲ ተጠቃሚኦም ማሕበረስብ ፍልስፍና ፣ማሕበራዊ መናባብሮ ፣ ወዘተ ዝገልፁ ስለ ዝኾኑ ናይ ዝሓለፈ ኩነታት ማሕበረሰብ ቁልጭ ኣቢሎም እንትርእዩ ናይ መፃኢ ኩነታት እውን ይትንቢዩ እዮም።

**ረ. ኩነታት**፦ ስነ ቃላት ከከም ዓውዱ ወይ መልዓሊ ምኽንያት ተጠቂሞም ዝቐርቡ እምበር ብሃበ ተረኸበ ዝቀርቡ ኣይኾኑን ። ንኣብነት መልቀስ ዝልቀስ ሱቅ ኢልካ ዘይ ኮነስ ንመልቀስ ዝዕድም ኩነታት ማለት ሓዘን ወይ ሞት ክጋጥም እንትሎ እዩ ። መልቀስ ኣብ መርዓ ኣይልቀስን ። ስለዚ ሰነ ቃላት ነናይ ባዕሎም ዓውድን ኩነታትን ይጠልቡ እዮም።

ሰ. **ተዓዘብቲ/ጉጅላዊ እዩ** ፦መብዛሕትኡ ግዜ ስነ ቃላት እንትቀርቡ እንተናስ ተዛራቢን ሰማዒን ክህሉ ግድን እዩ ። ብውልቀኻ ዝቀርብ ስነ ቃል የለን ።መብዛሕትኡ ብጉጅለ እዮም ዝቅርቡ።ንኣብነት መልቐስ እንትልቅስ ንመልቐሲ ሰማዕቲ ኣካላት ክህልዉ ግድን እዩ ።ስለዚ ሰነ ቃላት ጉጅላዊ ባህሪ ኣለዎም ።

ስነ-ቃል ጉጅላዊ እዩ(ብጉጅለ እዩ ዝትግበር)።ኣብ ምትግባር ስነ-ቃል ናይ ግድን ተዛራቢን ሰማዒን ወይ በሃሊን ኣለዉ።ብተወሳኺ ድማ መተግባራይነ ኣብ ተግባር ዝሳተፉን የድልዩ እዮም።ንኣብነት

- ✓ ነበረያ ነበረ - እንታይ ነበረ፣
- ✓ ሕንቅሕንቅሊተይ - ሰናይተይን
- ✓ እንከዝግነኒን - ብምንታይ

እዚ ስነቃል ደቂ ሰባት ብንዝተፈላለዩ ተጓንፍኦም ንምግላፅ እንትሓስቡ ብጉጅለ ብምዃን ወይ ብሓባር ብምዃን እዩ።ስለዚህ ክልተን ካብኡ ንላዕሊ ብምዃን የተግብርዎ።እዚ ድማ ስነቃል ጉጅላዊ እዩ የብሎ።

***ቀ.ተሳጋጋሪነት*** ፡-ስነ ቃል ብባህሪኡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ናይ ምትሕልላፍ ባህሪ ኣለዎ ። ቀደመዎት ወለዲ ዝዋቀምሎም ዝነበሩ ሰነ ቃላት ኣብዚ ሐዚ እዋን እውን ንዋቀመሎም ኣለና ። ሰለዚ ሰነ ቃል ብባህሪኡ ተሳጋጋሪ እዩ ።

***በ.ተዳጋጋምነት***፡-ስነ ቃላት ከከም ዓውዱን ወቅቱን ይቀርቡ ። ንኣብነት ኣብ 2009 ዓ/ም ኣብ ግዜ ፃህያይ ዝቀረበ ደርፊ ኣብ 2010ዓ/ም ልክዕ ኣብ ግዜፃህያይ ይድገም ።ዓመት ሙሉእ ግና ኣብብ ፃህያይ ዝተዘየሙ ኣብ ዓፅድ፣መክየዳ ፣መርዓ፣..ወዘተ ኣይዝየምን ።ግዜኦም ሓልዮም ዓውዶም ሓልዮም እናተዳጋገሙ ይቀርቡ ።

***ተ. ቀመራዊነት***፡-ስነ ቃል ናይ ባዕሎም ስነ ስርዓት ኣለዎም።ካብ ኣጀማምራ ክሳብ ኣጨራርሳ ። ንኣብነት ስነ ቃል ሕንቁሕንቁልተይ እንተወስድና ኣብ መጀመርታ ተዛራቢ ሕንቁሕንቁልተይ እንትብል ሰማዕቲ ሰናውተይ ፣ተዛራቢ እዙይ እዙይ ፍለጡለይ ? ሰማዕቲ እንተፈልጦምዋ መልሲ ይዛረቡ እንተዘይ ፈልጥዋ ካዓ ተደረር ብምባል እንትምልሱ ተዛራቢ ካዓ ድራር ጋናገዶ ድራር

ሓው ኢሉ ይሓትት ሰማዕቲ ድራር ሓው ወይ ድራር ጋና ኢሎም ምስ መለሲ ድራር ሐው እእዝበለ ድራር ሓው ይሃቦ፣ድራር ጋና ዝበለ ድራር ጋና ይሃቦዋ መልሳ እዚኣ እያ ብምባል መልሳ ይነግሮም።ስሰዚ ሰነ ቃላት ነናይ ባዕልቶም ሕጊን ደንቢን ምህላዎም ምርዳእ ይካኣል ።

***ቸ.ጠፊእነት***፡-ስነ-ቃል ሕሉፉን መፃኢን ኩነታት ማሕበረሰብ የንፃባርቕ።ምስ ጊዜ ይስጉም።ይኩንእምበር ህልውንኦምኣብ ቃልን ኩነታትን ስለ ዝኮነ በቢ ግዚኡ ናይ ምጥፋእን ምቅያርን ባህሪ ኣለዎም። ንኣብነት ኣብ ግዜ ደርጊ ዝዝየሙ ዝነበሩ ስነ ቃላት ኣብዚ ሐዚ ግዜ ብዙሕ ክዚየሙ ወይ ክቅርቡ ኣይረአን።ስለዚ ጠፋእነት ባህሪ ምህላዎም የርእየና።

ስነ-ቃል ናይ ምጥፋእ ባህሪ ኣለዎ።ስነ-ቃል በብእዋኑ ካብ ግልጋሎት ወፃኢ ይኾኑ እዮም ።እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ስነ-ቃል እንብለውን ሕሉፍን ናብራ ሕብረተሰብ እዮም ይብልዎም።ብፍላይ ኣብ ህልው ኩነታት ኣነባብራ ሕብረተሰብ ስራሕን ተፈጥራዊን ተጓንፎታት የጋጥሞም።እቶም ከምዚኦም ዝበሉ ፀገማት ከዓ ስነ-ቃል ይጥቀሙ።ስለዚህ እቲ ሕብረተሰብ ኣብከምዚ ዝበሉ ኩነታት ዝተምሃዙን ኣብ ግልጋሎት ዝውዕሉን ስነ-ቃላት እቶም ፀገማት ዕንቅፋት ነቲ ሕብረተሰብ ድማ ኣብ ረብሓ ስለዘየውዕሎም ናይ ምጥፋእ ባህሪ የርእዩ።ብካሊእ መንገዲ ድማ ስነ-ቃል ክጠፍኣሎም ካብ ዝኽእልሉ እቲ ተጠቃማይ ወሲዱተቐቢሉ እንከየመሓላለፎ እንትተርፍ እዩ።

**ነ.ደራሲነት**፡-ስነ-ቃል ደራሲኡ መን ከምዝኾነ ኣይፍለጥን።ይኹንድኣምበር ደራሲ የብሉን ማለት ኣይኾነን።እዚ ማለት ድማ ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ይፈጥሮ እሞ ብቃል ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናመሓላለፎ ብዝመፅአ ቁፅሪ ድሕሪ ዝተወሰነ ጊዜ ንብረትነቱ ናይ ህዝቢ ይኸውን።በዚ መሰረት ድማ ስነ-ቃል ደራሲኡ መን ከምዝኾነ ኣይፍለጥን ይብሃል።

## 2.1.6 ትሕዝቶ ስነቃል ኣብ መፅሓፍ

ትሕዝቶ ስነ ቃል ኣብ መምሃሪ መፅሓፍ እንትዳሎ ንደረጃ ትምህርቲ እቲ ተምሃራይ መሰረት ዝገበሩ ትሕዝቶታት ተኸታታልነቶም ሓልዮም ንመርሃ ትምህርቲ ብዝፈቕዶ መሰረት ይዳለው። እቶም ትሕዝቶታት ብስርዓት ዝዳለው ክኾኑ ትፅቢት ይግበር። ነዚ ኣመልኪቱ Bukanya (2008፥18) መዳለውቲ መምህሪ መፅሓፍን መምሃሪ ሓገዝን መምሃሪ መፅሓፍቲ ኮነ መምሃሪ ሓገዛት ቅድሚ ምድላዎም እቲ መርሃ ትምህርቲ ነቲ ዝዳሎ ደረጃ ክፍሊ ንክቐርብ ዝተለሞ እንታይ ከምዝኮነ ክፈልጡ ትፅቢት ይግበረሎም ይብል"።

ካብዚ ንርድኦ ትምህርቲ ስነቃል ኣዝዩ መሰረታውን ኣገዳስን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ንሰክንድ እኳ ሸለል ክበሃል ዘይግባእ ምኳኑ የረደእና እዩ።

Lazar (1993፣48-55) ስነቃል ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ክምረፅ እንተሎ ንተምሃሮ ጠቓሚ ክኸውን ኣለዎ ። እቶም ዝሰርሖም ንጥፈታት ምስ መፅሓፍ ዝተኣሳሰረን ናይ ተምሃሮ ዕድመ መሰረት ዝገበረ ስምዒት ተንከፊ ፣ ብዛዕባ ዓቕመ ሂዋንን ኣዳምን ከሓስቡን ክመራመሩን ፣ድልታቶምን ኣብትርፊ ሰዓቶም ዝሰርሁዎም ንጥፈታት መሰረት ዝገበሩ ክኾኑ ከምዘለዎምን ብተወሳኺ እቶም ቀንዲ ረቋሒታት ብኸምዚ ትገልፆም ።ድሕረባይታ ባህሊ ተምሃሮ፣ክእለት ድሕረ ባይታ ተምሃሮን ድሕረ ባይታ ተምሃሮን ዘገናዝበ ክኸውን ከምዘለዎ ትገልፅ፡

ካብዚ እንርድኦ መፅሓፍ ተምሃራይ ምስቲ ናይ ተምሃሮ ዕድመ፣ ባህሎምን ክእለቶም ዝስማዕማዕ አንተኾይኑ ደስ ኢሉዎም ስለዝመሃሩ ኣብ ትምህርቶም ዓብለልቲን ተወዳደርትን ክኾኑ ከምዝእሉን እዩ።

## 2.1.7 ረብሓ ስነቃል ንምምሃር ክእለት ቋንቋ

ብተመሳሳሊ Skij (2005፥119) "ሰነ ቃል አብ ውስን ማሕበረሰብ አብ ከይዲ ስራሕ፣ ማሕረስ፣ ፀወታ፣ ማሕበራዊ ምንቅስቃስና ሓድነት ዝፍጠር መፍለይ ውሱን ማህበረሰባዊ ህይወት እዩ" ይብል። እዚ ማለት ሰነ ቃል መፍለይ ውስን ማሕበረሰብ እዩ ጥራሕ ከይኮነስ ማሕበረሰብ አብ ኩሉ ንጥፈቱ ዝፈጠሮም ፈጠራታት እዮም ምባል ይኻኣል።

"ስነ ፅሑፍ ንምስትምሃር ቋንቋ ትኽክለኛ መሳርሒ'እዩ ምኽንያቱ ኣብ ኣእምሮ ተምሃሮ ናይ ምትራፍ ተኽእሎ ስለዘለዎ እዩ።

ተምሃሮ ኣብ ዝመሃርሉ እዋን ካብ ፃልጣ ትምህርቲ ምሃብ ብስነ ቃል ኣባልካ ዝወሃብ ትምህርቲ ዕዙዝ ግደ ከምዘለዎን ዝበልፀ ክእለታት ቋንቋ ንክትጭብጥ ዘኽእል ምኻኑ እዩ። እዚ ሓሳብ ንምጥንካር "ስነ ቃል ነቲ ዝሰልጠነን ዘይሰልጠነን ፣ ዝተምሃረን ዘይተምሃረን፣ ሰብ ከተማን ሀገረሰብን፣ ወዘተ እንተይፈለየ አውራ መግለፂ ስምዒት፣ ኣተሓሳስባ እምነትን ፍልስፍና ደቂ ሰባት ስለዝኾነ" ጌታሁን መሰለ፣ (1997፣1) ።

Lazar (1993፣14) «ተምሃሮ ብስነቃል ክመሃሩ እንተለዉ ብጣዕሚ እዮም ዝተባብዑ ።ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ንክፈልጡ ይሕግዞም።ብተወሳኺ ተኣማኒነት ስለዘለዎ ንምምሃር ቋነቋ ሓጋዚ እዩ»ትብል። ካብዚ እንርድኦ ብስነቃል ምምሃር ንኽልኦት ትምህርቲ እውን ንክቐሎም ዘኽእል ምኻኑን ተምሃሮ ንቁሓትን ተሳተፍትን ስለዝኾኑ ኣብ ትምህርቶም ለውጢ ዘሪኡ ምኻኖም እዩ።

ብተመሳሳሊ Shang (2006፥16) እንትገልፅ "ናይ ተምሃሮ ክእለት ቋንቋ ንክመሓየሽ ንክጎልህን ስነ ቃል ከም ትቦ ኮይኖም እዮም ዘገለገሉ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ስነቃል ንተምሃሮ ናይ መጠነ ሰፊሕ ዓይነታትን ኣገላልፃታትነ ስለዝወስዶም ብዙሓት መንገድታት ነኽመሃሩ ኣብ ምግባር ዓብዩ ተራ ኣለዎ"ይብል።

ብተመሳሳሊ Tobias ን Paul ን (2013) ብወገኖም ዕላማ ምእታው ስነ ቃል አብ መምሃሪ መፅሓፍ እንትገልፁ "ስነ ቃል ልሙድን ቅሉልን ብዝኾነ መልክዑ ስለዝቐርብ ሰዋስው ንዘምህሩ መምህራንን ንተምሃሮን ብጣዕሚ ፅቡቕን ምቹውን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ

ንክህልው እዩ። መምህራን ኣብ ክፍሊ ብወግዓዊ መልክዕ፣ ብሓፀርቲ ታሪኽ፣ ብድርሰት መልክዕ፣ እንተምህሩ ምቹው ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ይህልው" ይብሉ።

ካብዚ እንርድኦ ስንቃል ኣብ መምሃሪ መፅሓፍ እንትኣቱ ዘለዎ ረብሓ ብዙሕ ምኻኑ ተምሃሮ ብስነቃል ኣቢሎም እናተዘናግዑ እንተንብቡን ነጥፈታት እንትሰርሑን እቲ ትምህርቲ ብቐሊሉን ዝያዳ ንክርድኦም ክምዝገብር እዩ።

ብተወሳኺ Bukanya (2008፥29) *ዕላማ ስነ ቃል ኣብ መምሃሪ መፅሓፍ እንትገልፅ "ንሕና ደቂ ሰባት ንታሪካት፣ ንምሳሌያዊ አበሃህላታትን ሙዚቃታትን ብጣዕሚ ኢና እንሰሓብ። እዚ ድማ መዘናጋዕቲ ካብ ምዃኖም ዝተላዓለ እዩ።መዘናጋዓይነቱ ብጣዕሚ ፅቡቅ መምሃሪን መምሓለፊ መልእኽትን ይገብሮ" ይብል። ካብዚ እንርድኦ ነገር ብመሰረቱ ወዲ ሰብ ሰሓባይን ንአእምሮ ዘሀድሱ ነገራትን ደስ ዝብሎ ምዃኑ ተምሃሮ ብዝተፈላለዩ ሙዚቃዊ ቃና ተመስጦ ዘለዎም ታሪካት እናተዘናግዑ ከም ዋዛ ቁምነገር  እቲ ትምህርቲ ብቐሊሉ ዝጭብጡ ምዃኖም እዩ።*

*ስነ-ቃላት ብቕዓት ምግላፅ ዙርያ መለሽ ህይወት ወድሰብ አለዎም።እዚ እንትበሃል ስነ-ቃላት ኩለመዳያዊ ረብሓ አለዎም ማለት እዩ።በዚ መሰረት ረብሓ ስነ-ቃላት ብፖለቲካዊ፣ኢኮኖሚያዊ፣ማሕበራዊ፣ባህላዊ፣ ታሪኻዊን ስነ-ፅሑፋዊን ረብሓ ይገልፅ።*

*ስነ-ቃል ልዑል ዝኾነ ክእለት ምግላፅ ህልዉን ሕሉፍን ፖለቲካዊ ኩነታት አለዎ።ሓደ ስራሕ ተዋረድ ስልጣንን ብቐሊሉ ክንርዳእ ንኽእል።ካብዚ ብተወሳኺ ስነ-ቃን ህልዊ ፖለቲካዊ ሃዋህውንምድጋፍ፣ንምቅዋም፣ንምንአድን ንምንቃፍን ልዑል ረብሓ አለዎ።ሓደ ማሕበረሰብ ብፍላይ ምፅሓፍን ምንባብን ኣብ ዘይማዕበለሉ ከባቢ ዝርከብ ሕብረተሰብ ብስነ-ቃል አቢሉ ንዝድግፎ ኣመራርሓ ይንእድ ንዝቃወሞ ድማ ይወቅስ።*

*ስነ-ቃል ብኽልተ መልክዕ ዝግለፅ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ አለዎ።ብሓደ ገፅ፣ስነ-ቃል ሕሉፍ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት ሓደ ሕብረተሰብ ኮሊዑ የርእየና።ሓደ ዉፅኢት ስነ-ቃል ብምዉሳድ ሓደ ሕብረተሰብ ዝነበሮ ባህሊ ስራሕ፣ሃፍቲ፣ድኽነትን ፍልፍል እቶትን እንታይ ይመስል ምንባሩ ኽንፈልጥ ንኽእል።*

ብኻሊእ ገፅ፣ስነ-ቃል ብፍላይ ብጉጅለ ኣብ ዝዕመሙ ስራሕቲ ከም መሳለጢ ኮይኑ ብምግልጋል ኢኮኖሚያዊ እቶት ክድንፍዕ ይሕግዝ።ንኣብነት፣ ኣብ እዋን ፃህያይ፣ዓፂድ፣መኽዳን ዝድረፉ ደርፍታት ተሳተፍቲ እንከይተሳላቸዉ ንቑሓት ኮይኖም ስራሕቶም ንክዓሙ ይሕግዝ።ብተወሳኺ ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለዎ።

- ✓ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብር ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ርክቡ እንታይ ይመስል ከም ዝነበረ ብግልፂ የርእየና።ሓደ ስነ-ቃል ብምዉሳድ እቲ ማሕበረሰብ ኣብ ሓጎስ፣ሓዘን፣ፍቅርን ምትሕልላይን ከምኡ እዉን ካልኦት ተጓንፎታት ስሚዒቱ ከመይ ይገልፅ ከም ዝነበረ፣እንታይ ዓይነት ስነ-ስርዓት ርክብ ይኽተል ከም ዝነበረ ክንርዳእ ንኽእል።ካብዚ ብተወሳኺ ፣እቲ ሕብረተሰብ ከምዚኦም ዝበሉ ማሕበራዊ ዓዉድታት ንከመይ ዝበሉ ዕላማታት ይጥቀመሉም ከም ዝነበረ ክንፍትሽ ይሕግዘና።
- ✓ ከምመግለፂመንነ ኮይኑየገልግል። ሓደሕብረተሰብ እምነቱ፣ኣተሓሳስብኡ፣ፍትወቱ፣ዕልኢቱን ሓፈሻዊ ፍልስፍንኡን ብስነ-ቃል ኣቢሉ ይገልፅ።
- ✓ ታሪኽ ሓደ ሕብረተሰብ ይነግረና እዩ።ሓደ ያታ ወይ ኣፈ ታሪኽ ብምዉሳድ ሓደ ሕብረተሰብ ካበይ ተበጊሱ ኣበይ በፂሑ፣እንታይ እንታይ ዓበይቲ ታሪኻዊ ከይደታት ሓሊፉ ዘብሉ ቁም ነገራት ክንፈልጥ ንኽእል።
- ✓ ስነ-ፅሑፋዊ ረብሓ ኣለዎ።እዚ እንትበሃል ድማ ብኽልተ መልክዑ ክግለፅ ይኽእል።እቲ ሓደ፣ዘመናዊ ስነ-ፅሑፍ ንክንፈጥርን ኣብ መስርሕ ንክዉዕልን መሰረት ኮይኑ እዩ።እቲ ካልኣይ ድማ ፣ክሳብ ሕዚ ንዘመናዊ ስነ-ፅሑፍ ከም ፍልፍል ኮይኑ ኣብ ምግልጋል ይርከብ።

ስነ-ቃል ቀንዲ ረብሕኡ ፤ባህሊ እምነት ስራሕትን ልምድን ቀዳሞት ወለዲ ከመይ ከምዝነበረ ንከይርሳዕ ምግባር እዩ። እዚ እውን ዝደኸመ ኣእምሮኦምን ምዝንጋዕ፣ንምዝንናይ ፣ንምቅዋምን ከባቢኦም ኣቢሎም ድማ ንደቆም ትምህርቲ ስለዘምህርሉን ረብሕኡ ዕዙዝ ምዃኑን ንርዳእ።ስነ-ቃል ንማሕበረሰብ ዝህቦ ረብሓ ዳንኦል(2002፤22)ከምዝስዕብ የቕርቦ

- ➢ ሕብረተሰብ ብስነ-ቃል ኣቢሉ ኣብ ሞንጉኡ ንዘለዉ ሕማቓት፣ ትህኺት ስራሕኝ፣ ስንፍና፣ምምችናይ፣ብላዕ፣ጉሕለት፣ቅጥፈት ወዘተ ይነቅፍ።ነቶም ፅቡቓት ስነምግባር ከዓ የመጉስ
- ➢ ሕብረተሰብ ንዘለዎ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ወይከዓ ድጋፍ ብስነ-ቃል ኣቢሉ ሓሳቡ ይገልፅ።
- ➢ ፍቕሪ ሃገሩ፣ተሰዲዱ ናፍቖት ስድርኡ ዝገልፅ እውን ብስነ-ቃል ኣቢሉ እዩ።

- ሕብረተሰብ ፍቕሩ፣ሓዘኑ፣ሰላም፣ ደስታ፣ጠርነትን ፅልኡን ወዘተ ዝገልፅ ብስነ-ቃል ኣቢሉ እዩ።
- ሕብረተሰብ ኣብ ሂዎቱን ኣብ መነባብርኡን ዘጋጥሞም ብድሆታት፣ጥቕዓት፣ስዕረትን ወይ ናይ ባዕሉ ዓወት መግለፂኡ ስነ-ቃል እዩ።
- ሓደ ሕብረተሰብ መንነቱ ኩነታትመነባብርኡ፣ታሪኩ፣ወግዑን ልምዱን ንተረካቢ ወለዶ ብስነ-ቃል ንክመሓላለፍ ይገብር።
- ብሓፈሻ ንከባቢኡ ብፍላይ ድማ ንዓለም ንሂወት ዘለዎ ኣረኣእያ ወይ ውልቃዊ ፍልስፍናን እምነትን ብስነ-ቃል ይግለፅ።

ብሐሓፈሻ ስነቃል ናይ ሓደ ማሕበረሰብ ኩነታት ዝንፀበረቀሉን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ሓድጊነቶም ተዓቂቦም ንክምሓላልፍ ፅሕፈት ኣብ ዘይማዕበለሉ ዘመን ብቃል ዓቂቡ ከምመሳጋገሪ ድልድል ኾይኑ ብምፅናሕ ዓብዩ ረብሓ ከም ዘለዎ ምርዳእ የድሊ ።

## 2.1.8 ዓይነታት ስነ ቃል

ብዛዕባ ዓይነታት ስነ-ቃል ዝተፋላለዩ ምሁራን ነናይ ባዕሎም መግለፂታት እንትህቡ ንዕዘብ ። ን ኣብነት ኣስመሮም /1987፣316/ ከም ዝስዕብ ሓሳቡ የቕምጥ፡-

"ስነ -ቃል ዓይነቶም ብርክት ዝበሉ እዮም ። ካብ ሃገር ናብ ሃገር 'ዉን ፍልልይ ኣለዎም ። ይኹን እምበር ተመሳሳሊ ናይ ታሪኽ ከይዲን ኢኮኖሚክ ናይ ዕብየት ደረጃ ዘለዎ ካም ኣፍሪካ ዝበሉ ኣህጉር ናይ ስነ ቃል ዓይነቶም ብዝበዝሕ ጎኑ ተመሳሰሊ ኾይኑ ይርከብ። ኣብ ኣፍሪካ ካብ ዝርከቡ ብርክት ዝበሉናይስነ-ቃል ዓይነታት ማእከል ኣፈታሪክ ፣ዋዛ ምስ ቁም ነገር ፣ተረት፣ሕንቁሕንቁልተይ፣ምስላ ፣ብሂል፣ናይ ስራሕ ሕርኛ ፃህያይ ከይዲ፣ናይ ፍቅሪ፣ናይ ባዓል፣ናይ መሰቀል፣ናይ ልመና፣ናይ ጅግንነት /ናይ ሃደንንኩናትን / ግጥምታት ፣ናይ ፅወታን ግጥሚታት ንዝተፋላለዩ እምነታትን ወዘተ ይርከብዎም ።"

ስነቃል ብክልተ መንገዲ ክንሪኦ ንኽእል ኢና ቅርፃዎም መሰረት ብምግባር። እዞም ክልተ ዓይነት ቅርፅታት ግጥማውን ሊጣውን እዮም። ብግጥሚ መልክዕ ካብ ዝቐርቡ ኣብነት ንምሃብ ፈኸራ፣ መልቅስ፣ባህላዊ ደርፍታትን ሓደ ሓደ ግዜ ምስላን ሕንቅልሕንቅሊተይን እንትኾን ብሊጣ ካብ ዝቐርቡ ከዓ ነበረያ ነበረ፣ ኣፈ ታሪኽ፣ ሓተታ ተፈጥሮ፣ ኣዝግንኒ መብዛሕትኡ ግዜ ምስላን ሕንቅልሕንቅሊተይን እዮም። ዳንኤል (1998፥46—47)

ብምባል ስነ ቃል ብመልክዕ ግጥሚን ብመልክዕ ሊጣን ክቐርብ ከምዝኽእል ምስኣብነቱ የቕምጥ። ኣብዚ ስነ ቃል ብግጥሚ ይቕረብ ብሊጣ ንምምሃር ምስትምሃር ዝምችው ምኻኑ ምግንዛብ ይከኣል።

- ግጥማዊ ስነቃላት

- *ግጥምታት ክብረ በዓላት ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታውን ባህላውን ክብረ በዓላት ኣመልኪቶም ዝዝየሙ እዮም ።*
- *ግጥምታ ኣሸንዳ፡- ኣብ መወዳእታ ፍልሰታ ብጎራዙ ደቂ ኣንስትዮ በዓል ኣሸንዳ ንምድማቕ ዝቐርቡ እዮም።*
- *ግጥምታት መርዓ፡- ኣብ እዋን መርዓ ነቲ መርዓ ፥ ንመርዑትን ንመዳለውቲ እኸለ ማይን ንምምጓስ ዝዝየሙ እዮም።*
- *ግጥምታት ሓዘን፡- ብምኽንያት ጅግንነት፥ ብልውህነት፥ብጭካነ ወዘተ ንዝፍለጡ ሰባት ኩነታቱ ንምግላፅ ዝቐርቡ ግጥምታት እዮም።*
- *ግጥምታት ስራሕ ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ስራሕቲ ዝድረፉ እዮም። ንሳቶም እውን*
- *ግጥምታት ሕርሻ ፥ ግጥምታት ምእራይ ዕንፀይቲ፥ግጥምታት መጥሓንን መጓሰን ዝኣመሰሉ እዮም።*
- *ግጥምታት ፍቕሪ ፡- ዝበሃሉ ኣብ መንጎ ተፃረርቲ ፆታ ንዝህሉ ፍቕሪ ዝገልፁ እዮም።*
- *ግትምታት ሕርስን ገለብን፡- ደቂ ኣንስትዮ ቆልዓ ድሕሪ ምውላደን ኣብ ሳልስትን ሻብዓይ መዓልትን ኣብ ምሕፃብ ገለብ ዝግጠሙ ግጥምታት እዮም።*

- *ግጥምታት ፀሎት ፡- ኣብ ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ወይም እስልምና ኣምላኾም ንምምስጋንን ልመነኦም ንክሰምረሎምን ብመልክዕ መዝሙር ወይ መንዙማ ዘቕርብዎም ግጥምታት እዮም።*
  - *ግጥምታት ማሰ /ኣውሎ/ ፡- እዚ ዓይነት ግጥሚ ኣብ ዝተፈላለዩ ድግሳት እኽለማይ ምስተበልዐ ንቶም ድግስ ዘዳለው ሰባት ዘቕርብዎ እዩ ። ብምባል ዳኒኤል* (1998፥8) *ንደሳለኘ ጠቒሱ ይገልፆ።*

➢ *ሌጣዊ ስነ ቃላት*

- *ነበረያ ነበረ /ዕውዕዋይ/ ፡- ምሸት ምሸት ስድራ ተኣኪቦም ብመልክዕ ዛንታ ዝቐርብ ኮይኑ ወለዲ ንደቆም ቁምነገር ንክጭብጡ እናዘናግዑ መልእኽቲ ዘሕልፍሉ እዩ።*
- *ሕንቅል ሕንቅሊተይ ፡- ካብቶም ብመልክዕ ሕቶን መልስን ዝካየዱ ዓይነታት ስነቃላት ሓደ ኮይኑ ክእለት ኣተሓሳስባ ዘማዕብልሉን ንነገራት ብዝተፈላለየ*

*እንፈት ንክግንዘቡዎም ዘኽእል ከምዝኾነን ብፍላይ ህፃናት ኣእምሮኦም ንክዓቢ ኣብ ምግባር ዝለዓለ ተራ ከምዘለዎ ትምህርቲ ሚኒስተር* (1995፥191)

- *እንካኣዝግነኒ ፦ እዚ ስነቃል ኣብ መንጎ ክልተ መሓዙት ብመልክዕ ሕቶን መልስን ዝካየድ ዓይነት ስነቃል እዩ። እዚ ኣድማስ ኣተሓሳስባ ህፃናት ኣብ ምድንፋዕ ዝለዓለ ስለዝኾነ ብዕምቆት ንክሓስቡን ከሰላስሉን ከምዝኽእል ሚኒስተር ትምህርቲ* (1995፥196) *ይገልፅ።*
- *ኣፈ ታሪክ፦ እዚ ካብ ክውን ነገር ዝነቅል ኮይኑ መብዛሕቲኡ ግዜ መማታእቲ ዝኾኑ ነገራት ንምምላስ ተባሂሉ ዝቐርብ እዩ።*
- *ሓተታ ተፈጥሮ ፦ ምስ ተፈጥሮ ተተሓሒዞም ንዝለዓሉ ሕቶታት ምላሽ ዝህብ ዓይነት ስነቃል እዩ።*
- *ብሂላት ፦ ሓደ ቃል ወይ ካብ ሓደ ቃል ንላዕሊ ዝኾኑ ቃላት ተጣሚሮም ካብቲ ቅድም ክብል ሒዞምዎ ዝነበሩ ትርጉም ወይ ፍታሕ ወፃኢ ካሊእ ሓዱሽ ምስጢር ሓዘል ዝኾነ ስውር ትርጉም ዝህበና እዩ።*
- *ምስላታት ፦ ንሓደ ክበሃል ዝተደለየ ነገር ብዝተመረፁ ቃላት ዝግለፀሎም ቁጥባትን መቐረትን ዘለዎም ኣዘራርባታት ከምዝኾኑ ይልማ* (1987፥381) *ብኽምዚ ይገልፆ።*

> *ምስላታት ሓሳባት ብዝጠፀንዐ ኩነታት ኣትሪርካን ኣጋኒንካን ንምግላፅ ዝለዓለን ዝበርተዐን ትርጉምን መቐረትን ብዝህብ ስልታዊ ኪነቃላዊ ብዝተዋደደን ብዝተቓመሙን ሓፀርትን ምሩፃትን ብዝኾኑ ምሉእ ሓሳባት ወይከዓ ሓረጋት ዝስነዩ ትምህርቲ ሓዘል ኣዘራርባታት እዮም።*

## 2.2 ዳህሳሳት ቅዱማት መፅናዕቲ

*መፅንዒ ኣካል ምስ እዚ መፅናዕቲ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ቀዳሞት መፅናዕትታት ንምርካብ ዳህሳስ ኣካይዱ እዩ።ብመሰረት ኣለማት ገብረመድህነ "ዳህሳስ ሽፋን ስነ ቃል ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ዓሰርተ ክፍሊ* (2009 *ዓ.ም*) ፣ *ገብረ ኣምላክ ሃይለስላሴ* (2008 *ዓ.ም*)" *ዕላማን ኣቀራርባን ሰነ ቃል ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዓስራይ ክፍሊ፣ኣስራት ገብረ ህይወት* (2007 *ዓ.ም*) *"ሽፋንነ ኣደረጃጅዋን ስነ ቃል ኣብ ታሽዓይን ዓሽራይን መምሃሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ዝብሉ መፅናዕቲታት ምስዚ መፅናዕቲ ብቀጥታ ይኩን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ተዛማድነት ኣለዎም እዩ።*

**ካብዞም መፅናዕትታት እዚኦም ዘመሳስሎም ኩሎም ኣብ ዘፈር ትውፊት ዝኮነ ስነ ቃል ዝተፀንዑ ምኳኖም የመሳስሎም እዩ። ብተወሳኺ ብመፅናዕቲ ዝረኸቦ ውፅኢት ስነ ቃል ኣብ መምሃሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይን ክፍሊ ከይዲ ኣደረጃጅዋ ትሑት እዩ። ክእለታት ቛንቛውን ዝማዕበሉ ኣይኮነን ብተመሳሳሊ ሸፋን ስነ ቃል ኣብ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ትሑት ምኳኑ እዩ**

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ሜላ ኣፀናንዓ

## 3.ሜላ ኣፀናንዓ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ንምስትምሃር ዝኣተዉ ስነቃላት ዕላምኦምን ግቡእነት ኣቀራርቦኦምን ምትንታን እዩ ። እዚ እንትባሃል ንባዕሉ ንመፅሓፍ ተማሃራይ ብዕምቆት ብምንባብ እዩ ።

## 3.1 መጠን ተፀናዕቲ

ኣብዚ መፅናዕቲ ቀንዲ ጠመተ ዝተገበረሉ መፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ዝገበረ እዩ። ምኽንያቱ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ከፍሊ ቋንቋ ንምስትምሃር ዝተመረፁ ስነቃላት ዝኣተዉሉ ዕላማንግቡእነት ኣቀራርበኦምን ብዓይነታዊንኣሃዛውን ምትንታን እዩ ።

## 3.2 አወሳስዳ መርኣያ

ኣብዚ መፅናዕቲ ከም መርኣያ ዝተወሰደ ናይ 2008 ዓ.ም መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ እዩ።

## 3.3 ሜላ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ

ቀንዲ ጠመተ እዚ መፅናዕቲ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ንምስትምሃር ዝተመረፁ ስነቃላት ዝኣተውሉ ዕላማን ግቡእነት ኣቀራርቦኦምን ምትንታን እዩ። ነዚ ንምትግባር ዝተመሪፀ መሳርሒ መኣከቢ መረዳእታ ዳህሳስ ሰነድ እዩ። ኣገባብ ኣተኣኻኽብኡ ድማ ኣብ መፅሓፍ ዘለዉ ስነቃላት በብምዕራፎም ብምረኣይ ምስ ትሕዝቶን ዕላማ እቲ ምዕራፍ ብምንፅፃር እዩ።

## 3.4. ሜላ ኣተናትና መረዳእታ

እዚ መፅናዕቲ ንምክያድ ዝተኣከቡ መረዳእታታት ብዓይነታዊኣተናትና ተተንቲኖም ቀሪቦም እዮም ። መብዛሕቲኡ ግዘ ብፈተሻ ሰነድን ብንባብን ዝተኣከቡ መረዳእታታት ብቃላትን ምሉእ ሓሳብን ምግላፅ ተመራፂ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ክንደይ ዝኣክል ንዝብል ሕቶ ድማ ብኣሃዝ ስለዝግለፅ ብሓፈሻ ብዓይነታውን ኣሃዛውን ተተንቲኑ ቐሪቡ እዩ።

# ምዕራፍ አርባዕተ
# ትንታነ መረዳእታ

## 4.1 መግለፂ መፀናዕቲ

ኣብዚ መፅናዕቲ ተፀናዒ ኮይኑ ዝቀረበ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ክፍሊ እዩ።መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ኣብ ዓሰርተ ምዕራፋት ተመቓቒሉ ዝቐረበ እንትኾን ኣብ ሰሙን ክልተ ክፍለ ግዜ ዝሓዘ ዓሰርተ ርእስታት ይሽፍን ። ኣንቢብካ ምርዳእ ፣ፅሕፈት፣ ዝርርብ፣ ምድማፅ፣ ቃላትን ሰዋስውን ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ እዩ።

ትምህርቲ ቋንቋ ንምስትምሃር ዝተመረፁ መጠን ስነቃላት፣ዝኣተውሉ ዕላማ ግቡእነት ኣቀራርበኦም ንምፍላጥ ኣብ ዝተነፀረ ዕላማ ፣ዘይተነፀረሎም ድማ ኣብ ሕድሕድ መልመዲ ዘለው ሕቶታት ብምርኣይ ዝኣተውሉ ዕላማ ንምፍላይ ብኣሃዝ ቀሪቦም ተተንቲኖም ከምዝስዕብ ቐሪቦ ኣሎ ።

## 4.2 ኣሃዛዊ ትንተና በቢምዕራፍ ዝኣተዉ ስነቃላት

ሰደቓ 1፡-በዝሒ በቢምዕራፍ ዝኣተዉ ስነ ቃላት

| ዓይነት መልመዲ | መጠን/ መልመዲ | ም /1 | ም/2 | ም /3 | ም/4 | ም /5 | ም/ 6 | ም/ 7 | ም/ 8 | ም/9 | ም/ 10 | ድ/ር |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ምንባብ | በ/ስ /ቃ | | 4 | | | 2 | | | | | | 6 |
| ኣንቢብካ ምርዳእ | በ/ሕ/መልመዲ | 13 | 17 | 13 | 13 | 30 | 17 | 13 | 20 | 18 | 14 | 155 |
| | በ/ሕቶ ስነቃል | | 5 | | | 3 | | | | | | 8 |
| ቃላት | በ/ሕቶመልመዲ | 22 | 12 | 10 | 8 | 16 | 10 | 27 | 6 | 5 | 27 | 143 |
| | በ/ሕቶ ስነቃል | | | | | | | | | | | |
| ፅሕፈት | በ/ሕ/መልመዲ | 4 | 9 | 6 | 11 | 5 | 8 | 20 | 4 | 18 | 4 | 89 |
| | በ/ሕቶ ስነቃል | | 5 | | 6 | | 8 | 12 | 2 | 18 | 4 | 55 |
| ንባብ | በ/ሕ/መልመዲ | 5 | 11 | 5 | 5 | 7 | 3 | 3 | 2 | 2 | 2 | 45 |

| | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | በ/ሕቶ ስነቃል | | 3 | | | | | | | | | 3 |
| ዝርርብ | በ/ሕ/ መልመዲ | 4 | 2 | 5 | 1 | 1 | 5 | 4 | 2 | 2 | 1 | 27 |
| | በ/ሕቶ ስነቃል | | | | 1 | | | | | | | 1 |
| ኣዳሚፅካ ምርዳእ | በ/ሕ/ መልመዲ | 5 | 5 | 7 | 6 | 4 | 3 | 6 | 5 | 8 | 2 | 51 |
| | በ/ሕቶ ስነቃል | | | | | | | | | 8 | | 8 |
| ሰዋስው | በ/ሕ/ መልመዲ | 3 | 10 | 5 | 16 | 6 | 14 | 12 | 13 | 15 | 2 | 96 |
| | በ/ሕቶ ስነቃል | | | | | | | | | | | |
| ድምር ሕቶ ኣብ ምዕራፋት | | 56 | 66 | 51 | 60 | 69 | 60 | 85 | 52 | 68 | 52 | 606 |
| ድምር ሕቶ ስነቃላት ኣብ ምዕራፋት | | | 17 | | 7 | 5 | 8 | 12 | 2 | 26 | 4 | 81 |
| በዝሒ ሕቶ ስነቃላት ብ% | | | 25.8 | | 11.7 | 7. | 1.3 | 14 | 3.8 | 38 | 7.7 | 12.5 |

**ኣብ ምንባብ፡-**ብጠቕላላ ሹዱሽተ ስነቃላት ተካቲቶም እዩም። ኣብ ምዕራፍ ክልተንሓሙሽተን ስነቃላት ዝተኻተተሎም ምዕራፋት እዮም።

ኣብ **ኣንቢብካ ምርዳእ ፡-** ብኣጠቓላሊ በዝሒ ሓፈሻዊ ሕቶታት ምኢትን ሓምሳንሓሙሽተን ናይ ስነቃል ሕቶታት ሸሞንተ ኣለውዎ። በዚ መሰረት ኣብ ኣንቢብኻ ምርዳእ ዝኣተወ ስነቃል ምስቶም ካልኦት ባእታታት እንትነፃፀር ትሑት መጠን ኣልዎም።

**ኣብ ቃላት ዝምልከት፡-** ሓፈሻዊ ድምር ሕቶታት ስነቃልምኢትን ኣርባዓንሰለስተን እንትኾን በዝሒ ሕቶ ስነቃላት የለን። ኣብዚ ባእታ ዝኣተዉ መጠን ስነ ቃላት ምስ ካልኦት እንትነፃፀር ትሑት እዩ ።

**ኣብ ፅሕፈት ዝምልከት** ፡-ብኣጠቓላሊ ኣብ ፅሕፈት ድምር ሓፈሻዊ ሕቶታት ሰማንያንትሻዓንተን እንትኾኑ ሓምሳን ሓሙሽተን ድማ ሕቶታት ስነ ቃላት እዮም።ኣብ ሕድሕድ ምዕራፍ ሓደ፣ ኣርባዕተ፣ሹዱሽተ፣ሸውዓተ፣ሸሞንተ፣ትሽዓንተ፣ዓሰርተ ተካቲቶም እዮም። ምስ ካልኦት ባእታታተ እንትነፃፀር መጠኖም ኣዝዮም ዝለዓለ እዮ።

**ኣብ ንባብ ዝምልከት** ፡- ጠቕላላ ሓፈሻዊ ሕቶታት ዓርባዓንሓሙሽተን እንትኾኑ ሰለስተድማ ሕቶታት ስነ ቃላት እዮም። ብዘይካ ኣብ ምዕራፍ ሓደን ምዕራፋ ሸሞንተን ሕቶታት ስነቃል ኣይተካተቱን ስለዚ መጠን ስነቃል ትሑት እዩ።

**ኣብ ዝርርብ ዝምልከት**፡- ብኣጠቓላሊ በዝሒ ዕስራን ሸውዓተ ሕቶታት እንትኾኑ ሓደ ድማ ሕቶታት ስነ ቃላት እዮም። ሰነቃል ብዘይካ ምዕራፍ ኣርባዕተ ኣብ ኩሎም ምዕራፋት ኣይተኻተተን። ሰለዚ ምስ ካልኦት ባእታታት እንትንፃፀር ትሑት መጠን ኣለዎም።

**ኣብ ኣዳሚፅካ ምርዳእ ዝምልከት**፡-ኣብዚ ጠቕላላ ድምር በዚሒ ሕቶታት ሓምሳን ሓደን እንትኾኑ በዝሒ ሕቶታት ስነቃል ሸሞንተ እዮም። ብዘይካ ኣብ ምዕራፍ ትሽዓንተ ኣብ ካልኦት ምዕራፋት ስነቃል ኣይተኻተቱን ስለዚ መጠን ስነቃል ትሑት እዩ።

**ኣብ ስዋስው ዝምልከት**፡- ብኣጠቓላሊ ድምር በዝሒ ሕቶታት ቱስዓንሹድሽተን እንትኾኑ በዝሒ ሕቶታት ስነቃል የለን። ስለዚ መጠን ዝኣተዉ ስነቃላት ኣዝዮም ወሕዳት እዮም፡።

መደምደምታ ኣብዞም ባእታታት ዘለዎም መጠን ስነቃል እንትረኣ

- ኣብ ምንባብ ፣ ቃላት ኣንቢብካ ምርዳእ ፣ ንባብ፣ዝርርብን ስዋስውን ትሑትእዩ።
- ኣዳሚፅኻ ምርዳእን ዝሓሸ እዩ።
- ኣብ ፅሕፈት ኣዝዩ ልዑል እዩ።

## ሰደቓ 2፡- በብምዕራፉ ዝተኻተቱ ግጥማዊ ስነቃላት

| ግጥማዊ ሰነቃል | ም/1 | ም/2 | ም/3 | ም/4 | ም/5 | ም/6 | ም/7 | ም/8 | ም/9 | ም/10 | ድ/ር |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| መልቅስ | | 1 | | | | | | 2 | | | 3 |
| መርዓ | | | | | | | | 3 | | | 3 |
| ቅኔ | | | | | | | | | 3 | 4 | 7 |
| ማሰ/ኣውሎ | | | | | | | | 1 | | | 1 |
| ፀዋታ ቆልዑ | | 2 | | | | | | | | | 2 |
| ድምር | | 3 | | | | | | 6 | 3 | 4 | 16 |

ኣብዚ ሰደቓ ክረኣ እንትሎ ዓሰርተ ሹዱሽተ ግጥማዊ ሰነቃላት ዘለው እንትኾን ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት ኣይተኻተቱን።ብተወሳኺ ማዕረ ዕድል ረኺቦም ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ከምዘይወዓሉ የርኢ።

**ሰደቃ 3፥-ኣብ ሕድሕድ ምዕራፍ ዝተኻተቱ ሌጣዊ ስነቃላት**

| ዓይነታት ሌጣዊ ሰነቃላት | ም/1 | ም/2 | ም/3 | ም/4 | ም/5 | ም/6 | ም/7 | ም/8 | ም/9 | ም/10 | ድ/ር |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ምስላትት | | | | | | 9 | 15 | | 13 | | 37 |
| ብሂላት | | | | | | 11 | 4 | | 10 | | 25 |
| ድምር | | | | | | 20 | 19 | | 23 | | 62 |

ጠቕላላ ኣብዚ ሰደቓ ዝተኻተቱ ሌጣዊ ስነቃላት ድምር ስሳን ክልተን ኣዮም።ይኹን እምበር ኣብ ምዕራፍ ሹዱሽተ ፣ኣብ ምዕራፍ ሸውዓተንኣብ ምዕራፍ ተሻዓንተን ጥራሕ ኣለዉዎም። ኣብ ዝተረፉ ምዕራፋት ሰነቃላት ኣይተኻተቱን ምምጥጣን እዉን የብሎምን። ስለዚ ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ትኩረት ኣብ ስነቃላት ትሑት እዩ።

**ሰደቓ 4፥- ስነቃላት ኣብ ሕድ ሕድ ሌጣዊ ስነቃል ዝኣተወሉ ዕላማ**

| ዓይነታት ስነቃል | እቲ ስነቃል ንምምሃር ዝዓለሞ ዕላማ | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ክእለት ምርዳእ ብኣሃዝ | ክእለት ዝርርብ ብኣሃዝ | ክእለት ምድማፅ ብኣሃዝ | ክእለት ፅሕፈት | ፍልጠት ስዋስው ብኣሃዝ | ፍልጠት ቃላት ብኣሃዝ | ንባብ ፅፈት ብኣሃዝ | ድምር |
| ምስላታት | | | 5 | 32 | | | | 37 |
| ብሂላት | | | 11 | 16 | | | | 27 |
| ድምር | | | 16 | 48 | | | | 64 |

ኣብ ሰደቓ 4 ከምዝተገለፀ ክእለት ምድማፅ ንምምሃር ምስላታት ሓሙሽተ ፣ብሂላት ዓሰርተ ሓደ እንትኾኑ ድምር ዓሳረተ ሹዳሽተ ሕቶታት እዮም።ኣብ ክእለት ፅሕፈት ምስላታት ሰላሳንክልተን ፣ብሂላት ዓሳረተሹዳሽተ ብድምሩ ኣርባዓንሸሞንተን ሕቶ እዩ። ብሓፈሻ ስሳን ኣርባዕተን ስነ ቃላት ዘለውዎ እንትኾን ክእለት ምድማፅ ክእለትንፅሕፈት ንምምሃር ዝዓለሙ እዮም።

## 4.3 ዓይነታዊ ትንተና ስነቃላት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝኣተዉሉ ዕላማ ክእለት ቋንቋ

ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝኣተዉ ስነቃላት ንምንታይ ዕላማ ከምዝኣተዉ ብዓይነታዊ ኣቀራርባ በቢምዕራፉ ተተንቲኑ እዩ።

**ምዕራፍ ክልተ፣**ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ኣርባዕቲኦም ክእለታት ንምምሃር ዝዓለሙ እዮም።

**ምዕራፍ ኣርባዕተ፥-**ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ክእለት ምፅሓፍ ንዝርርብ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ።

**ምዕራፍ ሓሙሽተ፥-**ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ክእለት ምንባብን ኣንቢብኻ ምርዳእ ንምምሃር ዝዓለሙ እዮም።

**ምዕራፍ ሽዱሽተ፥-**ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ክእለት ምፅሓፍ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ።

***ምዕራፍ ሸውዓተ፡-*** *ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ክእለት ምዕሓፍን ንምምሃር ዝዓለሙ እዮም።*

***ምዕራፍ ሸሞንተ፡-*** *ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ክእለት ምዕሓፍን ንምምሃር ዝዓለሙ እዮም።*

***ምዕራፍ ትሽዓተ፡-****ብጠቕላላ ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ክእለት ምዕሓፍን ምድማፅን ንምምሃር ዝዓለሙ እዮም።*

***ምዕራፍ ዓሰርተ፣-*** *ኣብዚ ዝኣተዉ ስነቃላት ክእለት ምዕሓፍንምምሃር ዝዓለሙ እዮም።*

## 4.4 ክእለትት ቋንቋ ንምምሃር ምስትምሃር ዓሊሞም ዝኣተዉ ስነቃላት

***ምዕራፍ ክልተ፡-*** *"ስነቃል" ኣብዝብል ምንባብ ቃላዊ ግጥምታት ዝቐረቡ እንትኾን እዞም ዝስዕቡ እዮም። ኣብ ጥሪትንዘለዎም ፍቅሪ ፣ኣዴታት ንህፃናት ንምዕባይን ንእክሊ ዝተለቀሰሉ መልቅስን እዩም።*

*ኣንቢብካ ኣብ ምርዳእ፡-እዞም ብሕቶ መልክዕ ዝቀረቡ ሕቶታት እንታይነት ስነ ቃል፣ስነ ቃል ንምዕባለ ቛንቛ ዝተሓተትዎ ሕቶታት እዩ።ብተወሳኺ ቆልዓ ንምጥባር፣ኣብ እዋን ማሕረስ፣ ዝበሃሉ ግጥምታት ተገሊፆም እዮም። ባህልን ቋንቋን ተኮር መርኣያ ኣቀራርባ ኣልዎ።*

*ዕሕፈት፡-ብዛዓባ ኣሸንዳ፣ጉማየ፣ኣውርስ፣ሆያሆየን ግጥምታት መርዓን ዝምልከቱ ግጥምታት ንኽዕሕፉ ዝሓተተ እዩ።*

*ንባብ ዕፈት፡-እቲ ሕቶ ካብ ዝሓለፈ ካብ ዘንበብዎ ግጥሚ እንታይ ከምዝዝክሩ ዝተሓተትዎ ሕቶ እዩ።*

- *ብኣጠቓላሊ ኣብዚ ዝኣተው ስነቃላት ኣቀራርበኦም ቋንቋ ተኮር እንትኾኑ ግቡእነት ኣለዎም። ምኽንያቱ ኣርባዕቲኦም ክእለታት ሽኻተት ተገይሩ።*

***ምዕራፍ ሰለስተ፡-****ስነቃል ዘይተኻተተሎ ርእሲ እዩ።*

***ምዕራፍ ኣርባዕተ፡-***

*ዕሕፈት፡-ብሂላተ መስርት ዝገበሩ ሕቶ ስነቃል ኣለዎ።እዚ ዝተሓተቱዎ ናይቲ ቃል ፍታሕ ንክምልሱ እዩ።*

- *ብኣጠቓላሊ ኣብዚ ምዕራፍ ዝቐረቡ ስነቃላት ኣቀራርበኦም ቋንቋ ተኮር ዝቐረቡ እዮም። ኮይኑ ግና እቶም ኣርባዕተ ክእለት ቋንቋ ስለዘይተኻተቱሎም ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።*

***ኣብ ምዕራፍ ሓሙሽተ-*** *"ኣበሳ" ኣብ ዝብል ምንባብ ግጥሚ ዝቐረቡ ነበረያነበረን ሕንቅሕንቅሊተይን እዮም።*

*ኣንቢብካ ኣብ ምርዳእ፡- እዞም ብሕቶ መልክዕ ዝቓረቡ ሕቶታት ስነ ቃል ንምዕባለ ቛንቛ ዝተሓተትዎ ሕቶታት እዩም ። ባህልን ቋንቋን ተኮር መርኣያ ኣቀራርባ ኣለዎም።*

- ብኣጠቓላሊ ኣብዚ ምዕራፍ ዝቐረቡ ስነቃላት ኣቀራርበኦም ቋንቋ ተኮር ዝቐረቡ እዮም። ኮይኑ ግና እቶም ኣርባዕተ ክእለታት ቋንቋ ስለዘይተኻተቱሎም ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።

**ምዕራፍ ሽዱሽተ፡-**

*ዕሕፈት፡-ብሂላት መስርት ዝገበሩ ሕቶ ስነቃል አለዎ።እዚ ዝተሓተቱዎ ናይቲ ቃል ፍታሕ ንክምልሱ እዩ።*

- ብኣጠቓላሊ ኣብዚ ምዕራፍ ዘለው ስነቃላት ብዘይካ ኣብ ዕሕፈት ኣብ ካልኦት ባእታታት ኣይተኻተቱን። ባእታታት ስለዘይተኻተቱ ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።

**ኣብ ምዕራፍ ሸውዓተ፡-**

*ዕሕፈት፡-ምስላታት መስርት ዝገበሩ ሕቶ ስነቃል ኣለዎ።እዚ ምስላ ኣማሊኦም ንኽዕሕፉ ዝሓተተ እዩ።*

- ብኣጠቓላሊ ኣብዚ ምዕራፍ ዘለው ስነቃላት ብዘይካ ኣብ ዕሕፈት ኣብ ካልኦት ባእታታት ኣይተኻተቱን። ባእታታት ስለዘይተኻተቱ ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።

**ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ፡-**

*ዕሕፈት፡-ብዛዓባ መርዓ፣ሕርሻ፣መልቅስ፣ግጥምታትማሰ ዝምልከቱ ግጥምታትንኽዕሕፉ ዝሓተተ እዩ።*

- ብኣጠቓላሊ ኣብዚ ምዕራፍ ዝቐረቡ ስነቃላት ኣቀራርበኦም ቋንቋ ተኮር ዝቐረቡ እዮም።ኮይኑ ግና እቶም ኣርባዕተ ክእለታት ቋንቋ ስለዘይተኻተቱሎም ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።

**ምዕራፍ ትሽዓተ፣-**

*ዕሕፈት፡-ኣብዚ ዝተኻተቱ ሰነቃላ ምስላታንቅኔ መስርት ዝገበሩ ሕቶ ስነቃል ኣለዎ።እዚ ምስላ ኣማሊኦም ንኽዕሕፉ ቅኔታት ድማ ፍታሕኽዕሕፉ ዝሓተተ እዩ።*

- ብኣጠቓላሊ ኣብዚ ምዕራፍ ዝቐረቡ ስነቃላት ኣቀራርበኦም ቋንቋ ተኮር ዝቐረቡ እዮም።ኮይኑ ግና እቶም ኣርባዕተ ክእለታት ቋንቋ ስለ ዘይተኻተቱሎም ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።

**ምዕራፍ ዓሰርተ፡-**

*ዕሕፈት፡-ኣብዚ ዝተኻተቱ ሰነቃላት ቅኔ መስርት ዝገበሩ ሕቶ ስነቃል ኣለዎ።እዚ ቅኔታት ፍታሕኽዕሕፉ ዝሓተተ እዩ።*

- ብኣጠቓላሊ ኣብዚ ምዕራፍ ዝቐረቡ ስነቃላት ኣቀራርበኦም ቋንቋ ተኮር ዝቐረቡ እዮም።ኮይኑ ግና እቶም ኣርባዕተ ክእለትት ቋንቋ ስለ ዘይተኻተቱ ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።

## 4.5 ድሕሪ ባይታ ባህሊ ፣ ክእለት ስነልሳን ፍልጠት ስነቃልን ተምሃሮ ንምምሃር ዓሊሞም ዝኣተው ስነቃላት

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ክፍሉ ትሕዝቶ ንምምሃር ዝኣተው ስነቃላት ዝኣተውሉ ዕላማ ንምንፃር ብዙም ዝስዕቡ ረቒሒታት ንምፍላይ ተፈቲኑን ተተንቲኑን እዩ። ንሳቶም እውን ድሕሪ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ፣ ክእለት ስነልሳን ተምሃሮን ድሕረ ባይታ ፍልጠት ስነቃል ተምሃሮን እዮም።

ምዕራፍ ክልተ፡- ስነቃል ኣብ ዝብል ምንባብ

ናእዳ ንብዕራይ፡-

« ብዕራይ ዘለዎ ሰብ

ይኸውን ልዕሊ ሰብ

ሓሓሊፉ ይዋሰብ።

ብዕራይ ዘይብሉ ሰብ

ይኸውን ትሕቲ ሰብ

ሓሓሊፉ ይዕሰብ።

ብዕራይ ብዕራይ ወዲ ላሕሚ

ሓሳይ እንተላሚ

ናትካ ጎጎ ናይ እኖኻ ጠስሚ

ሓዋዊስካ ኣብዚ እኔኻ ጣዕሚ፡ » ገፅ 17

ኣብ እዚ ስነቃል ሰብ ኣብ ተፈጥሮን ኣብ ጥሪትን ንዘለዎ ፍቕሪ ብስነቃል ኣቢሉ ይገልፅ ። ስለዚ ድሕረ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ።

ንወዲ፡-

ኣንታ ዕንዱ፣ ወደይ ዕንዱ ወደይ፣

ኣምባር ኢደይ፣ ሕንጥልጥል ክሳደይ፣

መሊሰዶ ከእትወካ ኣብ ከብደይ።

ጉርማፅ እየ በሎም ኣይፍለፅን

ከውሒ እየ በሎም ኣይለሓፅን

እምባ እየ በሎም ኣይጉነፅን፡

ንጓል፡-

ሕንጢት እባ ውኖ፣ ሕንጢት ውኖ

ርእይ ውዒልካያ ዘይትምኖ

ዘይትፅገብ እንጀራ ልማኖ

ግምጃ ባሕሪ ።መረባዕ ድኾኖ

ንኣኺ ፈጢሩ ዘይኾኖ። ይብሉ። ገፅ 18

ኣዴታት ህፃናት ንምዕባይ ቆልዓ ክረርዋ ከለዋ፣ ዘዚምኦ ዜማ እዩ። ወለድና ታሕጓሶም ፣ ፍቕሮም ስሚዕቶም እምነቶም፣ ፅገሞምን ጓሂኦምን ዝገልፅሉ ብዓል ገፊሕ ዓውዲ ብስነቃል እዩ።ስለዚ ድሐረ ባይታ ፍልጠት ስነቃል ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ ምባል ይከኣል።

ወየየ...........ወየየ........ወየየ

እኽለ...........እኽሊ.......እኽሊ

ሲሶ መልክዕ ክልተ ኢድ ሓይሊ

ወዲ ኣዳም ጠፍአ፣ ንዓኻ ክደሊ።

እኽሊ ደቒቕ እኽሊ ደቒቕ

እንተሰኣንካዮ ጅማትካ ትሸንቀቕ

ብዘይ ሕማም ሓይልኻ ተድቅቕ

ብዘይ ንጉስ ዓድኻ ተልቀቕ።     ገፅ 18

እዚ መልቀስ ኣብ ትግረራይ ድርቅን ጥምየትን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ንእኽሊ ዝተለቀሰሉ እዚ መልቅስ ናይ እኽሊ ኣድላይነት ዝለዓለ ከምዝኾነ እዩ ዝገልፅ። መልቀስ ኣቢሉ ሓሳቡ ንምግላፅ ሕብረተሰብ ዝጥቀመሉ እዩ።እዞም ብመልክዕ መልቅስ ዝቐረቡ ስነቃላተ ድሕረ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ ምባል ይከኣል።

ኣብ ምዕራፍ ክልተ ጥቕልል ኣቢልካ ክረኣ እንከሎ ኣብዞም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ንምምሃር ድሕረ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ ፣ ስነልሳን ፍልጠትን ተምሃሮ ዝዓለሞ እዮም።

ኣብ ምዕራፍ ሓሙሽተ- "ኣበሳ" ኣብ ዝብል ምንባብ ግጥሚ ዝቐረቡ ነበረያነበረንሕንቅሕንቅሊተይን እዮም።

ሕንቅልሕንቅሊተይ ከምዚ ኢሎም ሓተቱ

"ልዕሊ ኩሉ ከቢድ ሸኽሙ ዝሓየለ

ልዕሊ ኩሉ ፃዕዳ ብማዕዶ ዝልለ

ነዚኦም ክልቲኦም እስኪ ፍለጡለይ   ገፅ 62

ቀልቀል ምዕቋር  ምሒር ከቢድን ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ስለዝኾነ  በዚ ሕንቅልሕንቅሊ መሰረት ድማ እታ ናይ መጀመርያ ሕቶ ፍልጠት ስነቃል ንምምሃር ዝዓለመት እንትትኾን እታ ካልኣይቲ ድማ ክእለት ስነልሳን ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለመት እያ።

ምስላዊ ኣዘራርባ፦

ሰላማዊት ከምፌትሊ ቀጣን እያ።

ለምለም ንፋስ እያ።

መሬት ሓቒ መስኪራ።     ገፅ 70

እዞም ኣብ ላዕሊ ምስላዊ ኣዘራርባ ብቀደም ሳዓብ ተለዋጢ፣ ኣነፃፃርን ሰባይ ቀጥታዊ ዘይኮነ ገለፃ ወይ ፍታሕ ይፈጥር። ።ትሕዝቶታት ንምምሃር ድሕረ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ ፣ ስነልሳን ፍልጠትን ተምሃሮ ዝዓለሞ እዮም።

ምዕራፍ ሸሞንተ መራኸብቲ ሓፋሽ ኣብ ዘብል ምንባብ

ካብ ደርፍታት መርዓ፡-

ኣያ ሓወይ ንኡስየ

ውፈር እሞ ደሓን ተመለስየ።

. . . ወድ ዓደይ ዕንበባ በለሰየ

ውፈር እሞ ዳሓን ተመለሰየ።

. . . ኣያ ሓወይ ሓለንጊ ሽምጥየ

ውፈር እሞ ተገዘም ሚእቲየ። ገፅ 130

መርዓዊ ናብ እንዳኣል እንትወፍር ኣብዚ ዘለው ስነቃላት ነቲ መርዓዊ ዝገልፁ ኮይኖም እዚ ንምምላስ ንድሕሪት ተመሊሶም ንኸዝክሩ ስለዝገብር ድሕረ ባይታ ስነቃል ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ።

ካብ ደርፍታት ሕርሻ፡-

ይሓርስ ኣለኹ ደበናይ

እናማዓደኹ ደበናየ።

ኣይትኾሓልለየ

ሓረስታይ እየ ጐልጉልለየ። ገፅ 130

ኣብ እዋን ማሕረስ ዝበሃል ፅባቐ ኣዝመራ ንምትስፋውንፅቡቕ ምዃኑ ብምዕዛብ ኣብ እዋን ስራሕ ብሓባር ምስራሕ ውፅኢታዊ ከምዘገብር እዚ ግጥሚ ስራሕ ድሕረ ባይታ ፍልጠት ስነቃል ዝዓለሙ እዮም። ከምዝቕርቡ ንክምልሱ ኣብ ንጥፈታት ስራሕ ካብ ብቓል ዝበሃሉ ንክዛረቡ ክእለት ስነልሳን ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለሙ እዮም።

ካብ ግጥምታት መልቀስ

ወየየ ወየየ ወየየ

እምበይተይ'የ እምበይተየ

ትኩስክን ዝሑልክን ለሚደየ

መንጨባኽን ፅራይኽን ሰትየየ

ብዘይ ንስኽን እማ ዓለም እንታይ ዋጋ ኣለዋየ።     ገፅ 133

እዚ መልቀስ እዚ እተን ሓማቱ ለጋስ ብምንባረን፣ በሊዕኻ ዝፅገብ ኣይመስለንን ነይሩ። ሰብኣይ ጓለን ዘልቀሶ እዩ።እዞም ብመልክዕ መልቅስ ዝቐረቡ ስነቃላተ ድሕረ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ ንምሃር ዝዓለመ እዩ ምባል ይከኣል።

ወየየ ወየየ ወየየ

ከመይ ኢኻ ሓወያም ነወያም

ከም እንጣጢዕ ትደርያም

ከም ሕፃውዕ ተሕውፅውያም

ከም እሾኽ ጫዓ ትግይያም

ረክቡኻ እባ ካብ ዝመፁ መፂኦም።   ገፅ 134

ሓንቲ ሰበይቲ ንጅግና ሓወን ሽፍታ ምስተቐተሎ ኣብ ቀብሩ ዘልቀሰኦ እዩ።እዞም ብመልክዕ መልቅስ ዝቐረቡ ስነቃላተ ድሕረ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ ምባል ይከኣል።

ካብ ግጥምታት ማሰ

ትሰምዒ ዶ ኣለኺ ኣንቲ ወይዘሮ ለቱ

ኣእዳውኪ ሃቦ ሰዶ ዝፈቱ

እሞ ምስ ጠባዩ ምስ ኣንደበቱ

ምስ ክምስታ ምስ ውሕልነቱ

ኣየ ዕራይ ኣየ ፈታፍቱ

ጓል ገብረዝጊ እንዲኺ'ቲ ጓል ሃፍቱ

እናገስገሰ ከይዱ ደገ ሰላም ከፊቱ

ንበዓለማ መንግስተ ሰማያት ዘእቱ.... ገፅ 134

ብማሰ ነቶም እኽለማይ ዘቕረበ ስድራ ቤት ብምምስጋን፣ ናይታ በዓልቲ ገዛ ወይዘሮ ውሕልነት ብምንኣድ ይጅምሩ እሞ ናብቶም ኣብ ማሕበራዊ መነባብሮ ዝረኣዩ ፅቡቓት ኮኑ ሕማቓት ነገራት ናብ ምግላፅ ይኣትዉ።እዞም ብመልክዕ ማሰ ዝቐረበ ስነቃላተ ድሕረ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ ምባል ይከኣል።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ
# መጠቓለሊ፥ መደምደምታን ለበዋን

## 5.1 መጠቓለሊ

ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ቅድም ክብል ከም ዝተገለፀ ኣብ ዕላማ ምእታውን ግቡእነት ኣቀራርባን ስነቃላት መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ብዝብል ዝተኻየደ መፅናዕቲ እዩ።

ኣብዚ መፅናዕቲ ቀንዲ ተፀናዒ ናይ ታሽዓይ ክፍሊ ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ እዩ። ኣብዚ መፅናዕቲ መረዳእታ ዝተኣከበሉ መሳርሒ ፈተሻ ሰነድ እዩ። በዚ ዝተኣከበ መረዳእታ ብመጠን ዓይነታውን ቀሪቡ ብመልክዕ ገለፃ ተተንቲኑ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ዝስዕብ መጠቓለሊ ተበፂሑ እዩ።

- መፅሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ብመንፅር ዝተኻተቱ መጠን ስነቃላት እንትትረአ ምዕራፍ ክልተንሓሙሽተን ዝተኻተተሎም እዮም ። ምዕራፉ ሓደ ፣ሰለስተ፣ ኣርባዕተ፣ሽዱሽተ፣ሸውዓተ፣ ሸሞንተ፣ ትሽዓንተንዓሰርተን ድማ ስነቃላት ዘይተኻተተሎም ምዕራፋት እዮም።

- ብመሰረት ክእለታት ቋንቋ ንምስትምሃር ዝተመረፁ ስነቃላት ግጥማውን ሌጣውን እዮም ። ካብኣቶም ስነቃል ዝተኻተተሎም ምንባባት ካብ ሌጣዊ ሰላሳን ሸውዓተን ምስላታትን ዕስራንሓሙሽተን ብሂላትን ኮይኖም ብድምር ስሳን ክልተን እዮም። ብመልክዕ ግጥሚ ዝቐረቡ ስነ ቃላት ድማ ሰለስተ ግጥምታት መርዓ፣ሰለስተ ግጥምታት መልቅስ፣ሓደ ግጥሚ ማሰን ክልተ ፀዋታታት ቆልዑ ጠቕላላ ዓሰርተ ሹድሽተ እዮም። ኣብዚ መፅሓፍ ብዘይካ እዚኦም ካልኦት ዓይነታት ስነቃል ኣይተኻተቱን። በዚ መሰረት ዝተኻተቱ ዓይነታት ስነቃል መጠኖም ትሑት ዩ።

- ስነቃላት ብዓይነት ክረኣዩ እንተለው ክእለታት ቋንቋ ንምስትምሃር ዝተመረፁ ስነቃላት ግጥማውን ሌጣውን መልክዕ ዘለዎም እዮም ። ካብዚኦም ኣብ ዕላማ ተግባራዊ ዝኾኑ ስነቃላት ምስላታት ፣ብሂላት፣ማሰ/ኣውሎ፣ቅኔታት፣ናይ መርዓ፣መልቅስ፣ግጥምታት ፍቅሪን ፀዋታታት ቆልዑን ብጠቕላላ ሰብዓን ሸሞንተን ስነቃላት እንትኾኑ ዝኣተውሉ ዕላማ ክእለት ምንባብ ፣ምድማፅ፣ ፍልጠት ስዋስው፣ ፍልጠት ስነ ፅሑፍ፣ ንባብ ፅፈትን ዝርርብን ንምስትምሃር

እዩ። ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት ብዘለው ባእታታት ቋንቋ እንትትፍተሹ ትንታነ ቃላት ንምምሃር ዝዓለመ የለን።

- ኣብ መፅሓፍ ዝኣተው ስነቃላት ዝኣተውሉ ዕላማ ክረኣ እንተሎ ኣብ ምዕራፋት ካብ ዝኣተው ስነቃላት ምዕራፍ ክልተ ጥራሕ ኣርባዕቲኦም ክእለታት ቋንቋ ብዕላማ ዝኣተው እዮም። ኣብ ዝተረፉ ምዕራፋት ክልተ ክእለታት ቋንቋ ጥራሕ ተኻተቱ እዮም። ዝተረፉ ባእታታት ስለ ዘየማልኡ ብዕላማ ዝኣተው ኣይኮኑን።
- ጠብዘለዎም ንጥፈታትን ባእታታትን ቋንቋ መሰረት ብምግባር ዘለዎም ግቡእነት ኣቀራርባ እንትረአ መብዛሕቲኦም ቋንቋ ተኮር መርኣያ ዘንፀባርቑ እዮም። ካብዚኣቶም እቶም ኣቀራርባ ዘለዎ ምዕራፍ ክልተ ጥራሕ እዩ። እቶም ዝተረፉ ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።
- ስነቃላት ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት ዝተተንተነ ኮይኑ መጠን እቶም ስነቃላት ኣብ መንጎኦም ዓብዪ ኣፈላላይ ኣሎ። ኣብ ፅሕፈት ቡዙሓት ስነቃላት ዘካተተ እንትኾን ብውሑድ መጠን ዝኣተወ ኣብ ምድማፅ ፣ንባብ ን ዝርርብን እዩ። ብጠቓላላ ስነቃላት ዝተኻተተሎም ምዕራፋ ክልተንሓሙሽተን እዮም።
- ኣብዚ መፅሓፍ ትሕዝቶ ንምምሃር ዝኣተው ስነቃላት ዘለዎም ዕላማ ብሰለስተ ረቑሓታት እቶም ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት ዝኣተው ስነቃላት ብዘለዎም ንጥፈታት ባእታታትን ዝተተንተኑ ኮይኖም ንምምሃር ዓብዪ ጠመተ ዝተገበረሉ ድሕረ ባይታ ፍልጠት ስነቃል እዩ። ካብኡ ቀፂሉ ኣድህቦ ዝተገበረሉ ክእለት ስነልሳን እንትኾን ትሑት ግምት ዝተውሃቦ ድሕረ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ።

## 5.2 መደምደምታ

ብመሰረት ተኣኪቡ ዝተተንተነ መረዳእታ ኣብ ዝስዕብ መደምደምታ ተዋሂብዎም ኣሎ።

- ✓ ዝተኻተቱ መጠን ስነቃላት ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት ዝተተንተነ ኮይኑ መጠን እቶም ስነቃላት ኣብ መንጎኦም ዓብዪ ኣፈላላይ ኣሎ። ኣብ ፅሕፈት ቡዙሓት ስነቃላት ዘካተተ እንትኾን ብውሑድ መጠን ዝኣተወ ኣብ ምድማፅ ፣ንባብ ን ዝርርብን እዩ። ብጠቓላላ ስነቃላት ዘይተኻተተሎም ምዕራፋ ሓደ ፣ሰለስተ፣ ኣርባዕተ፣ሸዱሽተ ፣ሸውዓተ ሸሞንተ፣ ትሕዓንተንዓሰርተን እዮም ። ስለዚ ብዘይ ምምጥጣኑ እቶም ተምሃሮ ግቡእ ዝኾነ ትምህርቲ ክረኽቡ ኣይካኣሉን።

- ✓ ስነቃላት ዝኣተውሉ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ኣርባዕቲኦም ክእለታትን ንኡሳን ክእለታትን ንምስትምሃር እዩ ። ኣብ መፅሓፍ ካብ ዝኣተው ስነቃላት ምዕራፍ ክልተ ጥራሕ ኣርባዕቲኦም ክእለታት ቋንቋ ብዕላማ ዝኣተው እዮም። ኣብ ዝተረፉ ምዕራፋት ክልተ ክእለታት ቋንቋ ጥራሕ ተኻቲቱ እዮም።ስለዚ ኣርባዕቲኦም ክእለታት ቋንቋ ኣየማልኡን። በዚ መሰረት እቶም ዝቐረቡ ስነቃላት ብዕላማ ዝኣተው ኣይኮኑን።

- ✓ ንጥፈታትን ባእታታትን ቋንቋ መሰረት ብምግባር ዘለዎም ግቡእነት ኣቀራርባ ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት እንትረኣ መብዛሕቲኦም ቋንቋ ተኮር መርኣያ ዘንፀባርቑ እዮም። ካብዚኣቶም እቶም ኣቀራርባ ዘለዎም ምዕራፍ ክልተ ጥራሕ እዩ። እቶም ዝተረፉ ግቡእነት ኣቀራርባ የብሎምን።

- ✓ ስነቃላት ተምሃሮ ንኽነቓቕሑ ኣብ ኣርባዕቲኦም ክእለታትን ፍልጠታትን መሰረት ብምግባር ተዘዳሎ፣ ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት ዝኣተው ስነቃላት ዝተመጣጠነ እንተዝኸውን ኣብ ኣቀራርባ እውን ግቡእነት እንተዝህልዎ እቶም ኣቀራርባ ሜላታት ሓደ ዓይነት ካብ ዝኾኑ ዝተፈላለየ እንተዝኸውን ይምረፅ።

- ✓ ብመዳይ ትሕዝቶ ንምምሃር ዝኣተዉ ስነቃላት ዕላማ መሰረት ብምግባርን ሰለስተ ረቛሒታት ንምጥቃም ዕላመኦም ንምንፃር ዝተፈተነ እንትኾን ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት ዝኣተዉ ስነቃላት በቶም ባእታታት ተተንቲኖም እዮም። ኣብዚኦም ድሕረ ባይታ ፍልጠት ስነቃል ተምሃሮ፣ድሕሪ ባይታ ባህሊ ተምሃሮ፣ ክእለት ስነልሳን ተምሃሮን መሰረት ዝገበረ ዕላማ እዩ።

## 5.3 ለበዋ

- ኣብ መፅሓፍተምሃራይ ዝኣተው ስነቃላት በዝሐምን ዓይነቶምን ተመጣጠንቲ ክኾኑ ይግባእ።
- ዝምልከትኩም ኣካላት ብፍላይ ኣብ ምድላው መፅሓፍ ተምሃራይ እትሳተፉ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ስነቃላት ዕላመኦም ተነፂሩ፣ክእለታትን ባእታታት ቋንቋ መሰረት ገይሮም ተዘዳለው።
- ስነቃላት ተምሃሮ ንኽነቓቕሑ ኣብ ኣርባዕቲኦም ክእለታትን ፍልጠታትን መሰረት ብምግባር ተዘዳሎ።

# መዋከስቲ ድርሳናት

ሚኒስተር ትምህርቲ። እንታይነትን አመፃፅኣ ትውፊት። ኣዲስ አበባ÷ትካል መራከቢ ትምህርቲ÷1995።

ኣስመሮም ገ/ስላሴ።መፅናዕቲታት ቀዳማይ ስምፖዝየም ቋንቋ ትግርኛ።ኣዲስ ኣበባ፣ብርሃንና ሰላም ቤት ሕትመት÷1987።

ዘሪሁን ኣስፋው። የስነፅሁፍ መሰረታዊያን አዲስ አበባ፤ንግድ ማተሚያ ድርጅት÷1998።

ይልማ ሃብተ ኣብ። ምእካብን ምምዝጋብን ምስላዊ ዘረባ ትግርኛ። ኣብ መፅናዕትታት ቐዳማይ ሲምፒዝየም ቋንቋ ትግርኛ። መቐለ፤ማሕበር ባህሊ ትግራይ ምቃል 1987ዓ.ም

ዳኒኤል ተኽሉ ረዳ። መባእታ ስነ ፅሑፍ ትግርኛ።መቐለ፤ቤት ሕትመት ማጋ÷1998።

ዳንኤል ተኽሉ ረዳ። መባእታ ስነ -ፅሑፍ ፥መቐለ፥ ቤት ሕትመት ሜጋ÷ 2000።

ጌታሁን መሰለ። "ግደ ስነ ፅሑፍ ኣብ ምምዕባል ቋንቋ ትግርኛ። ካብ ሕዳር 18 ክሳብ 19 ኣብ እተኻየደ 3ይ ስሩዕ ጉባኤ ማሕበር ባህሊ ትግራት መቐ ለ 1997 ዓ/ም።

ፍቃደ አዘዘ። የስነ ቃል መምርያ። ኣዲስ አበባ፤ ኢንተርፕራይዝ ጀርመናዊ የጎልማሶች ትምህርት መረጃ ተቋም፣ 1991ዓ/ም ።

Bennett, J. (1998). Intercultural Cmmunication:"A cuurent Perspective. Yamouth: ME.Intercultural Press.

Bessmertnnyi, A. (1994).*Teaching Cultural Literacy to Foreign Language Students: English Teaching Forum".*

*Bukanya (2008) Research Methodology; Methods and Techniques. New Delhii, India; wishwa prakashent*

Cakir, G. (2010). *The Frequency of Cultural -Specific Elements in ELTCoursebook At Elementary School.* Ovitas-Royal..

Lauri, H. (2003). *Folkloreand Oral tradition.* Helsinki: Finnish Literature Society.

Lazar, G.(1993) Litratur and language teaching, combrige, combrige universty press

Mieder, W.(2004). *Proverb: "A hand Book t".* Westport: Greenwood Press. S.Andrews.(2007).*Teachers Language Awareness.* Cambridge: Cambridge University Press.

Nkem (2008) preface to oral litrature .onitsh a. Africa first publishers.

Shang H.(2006) conten-based Instruction in the EFL Literature curriculum. Retrieved.

Skij, D. (2005). *Figurative Language: Cross Cultural and Cross Perspective .* Oxford: Elsevier.

# ልጋብ

## ልጋብ «ሀ» መገምገሚ ረቋሒታት

### ንዳህሳስ ሰነድ ዝተዳለዉ መጥለሊ ነጥብታት

1.ኣብ መምሃሪ መፅሓፍ ትግርኛ ዝኣተዉ ስነ ቃላት ዝኣተዉሉ ዕላማ እንታይ እዩ ?

እዞም ረቋሒታት ብመስረት ኣብ ምፅሓፍ ተምሃራይ ክፍሊ ክእለታት ቋንቋ መዐቀኒ ዝተቐመጡ እዮም።

- ✓ ምንባብ
- ✓ ትነታነ ቃላት
- ✓ ኣንቢብኻ ምርዳእ
- ✓ ቃላት
- ✓ ፅሕፈት
- ✓ ንባብ ፅፈት
- ✓ ዝርርብ
- ✓ ኣዳሚፅካ ምርዳእ
- ✓ ስዋስው

2.ዝተምረፁ ስነቃላት ኣቐራርበኦም ኣየናይ እዩ ?

- ✓ መርኣያ ቋንቋ ተከር
- ✓ መርኣያ ትሕዝቶ ተኮር
- ✓ መርኣያ ውልቀ ስብእና ተኮር

3.ብመዳይ ምምሃር ትሕዝቶ ዝቐረቡ ስነቃላት ኣብ ምንታይ መሰረት ዝገበሩ እዮም ?

- ✓ ኣብ ባህላዊ ድሕረባይታ ተምሃሮ
- ✓ ኣብ ድሕረ ባይታ ፍልጠት ስነቃል ተምሃሮ
- ✓ ኣብ ክእለት ስነልሳን ተምሃሮ

## ልጋብ « ለ » ንዳህሳስ ስነድ ዝተዳለዉ ሰደቓታት

### ኣሃዛዊ ትንተና በቢምዕራፉ ዝተኻተቱ ስነቃላት

**ሰደቓ 1፥-መጠን በቢምዕራፍ ዝኣተዉ ስነ ቃላት**

| ዓይነት መልመዲ | መጠን መልመዲ | ም 1 | ም 2 | ም 3 | ም 4 | ም **5** | ም 6 | ም 7 | ም 8 | ም 9 | ም 10 | ድ ር |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ምንባብ | በዝሒ ስነ ቃላት | | | | | | | | | | | |
| ትንታነ ቃላት | በዝሒ ሕቶ ኣብ መልመዲ | | | | | | | | | | | |
| | በዝሒ ሕቶ ስነቃል | | | | | | | | | | | |
| ኣንቢብካ ምርዳእ | በዝሒ ሕቶ ኣብ መልመዲ | | | | | | | | | | | |
| | በዝሒ ሕቶ ስነቃል | | | | | | | | | | | |
| ቃላት | በዝሒ ሕቶ ኣብ መልመዲ | | | | | | | | | | | |
| | በዝሒ ሕቶ ስነቃል | | | | | | | | | | | |
| ፅሕፈት | በዝሒ ሕቶ ኣብ መልመዲ | | | | | | | | | | | |
| | በዝሒ ሕቶ ስነቃል | | | | | | | | | | | |
| ንባብ ፅፈት | በዝሒ ሕቶ ኣብ መልመዲ | | | | | | | | | | | |

| | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | በዝሒ ሕቶ ስንቃል | | | | | | | | | | | |
| ዝርርብ | በዝሒ ሕቶ ኣብ መልመዲ | | | | | | | | | | | |
| | በዝሒ ሕቶ ስንቃል | | | | | | | | | | | |
| ኣዳሚዕካ ምርዳእ | በዝሒ ሕቶ ኣብ መልመዲ | | | | | | | | | | | |
| | በዝሒ ሕቶ ስንቃል | | | | | | | | | | | |
| ሰዋስው | በዝሒ ሕቶ ኣብ መልመዲ | | | | | | | | | | | |
| | በዝሒ ሕቶ ስንቃል | | | | | | | | | | | |
| ድምር ሕቶ ኣብ ምዕራፋት | | | | | | | | | | | | |
| ድምር ሕቶ ስንቃላት ኣብ ምዕራፋት | | | | | | | | | | | | |
| በዝሒ ሕቶ ስንቃላት ብ% | | | | | | | | | | | | |

### ሰደቓ 2፡- በብምዕራፉ ዝተኻተቱ ግጥማዊ ስንቃላት

| ግጥማዊ ሰነቃል | ም/1 | ም/2 | ም/3 | ም/4 | ም/5 | ም/6 | ም/7 | ም/8 | ም/9 | ም/10 | ድ/ር |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| መልቅስ | | | | | | | | | | | |
| መርዓ | | | | | | | | | | | |
| ቅኔ | | | | | | | | | | | |
| ማሰ/ኣውሎ | | | | | | | | | | | |
| ፀዋታ ቆልዑ | | | | | | | | | | | |
| ድምር | | | | | | | | | | | |

**ሰደቃ 3፡-ኣብ ሕድሕድ ምዕራፍ ዝተኻተቱ ሌጣዊ ስነቃላት**

| ዓይነታት ሌጣዊ ሰነቃላት | ም/1 | ም/2 | ም/3 | ም/4 | ም/5 | ም/6 | ም/7 | ም/8 | ም/9 | ም/10 | ድ/ር |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ነበረያ ነበረ | | | | | | | | | | | |
| ምስላታት | | | | | | | | | | | |
| ብሂላት | | | | | | | | | | | |
| ድምር | | | | | | | | | | | |

**ሰደቓ 4፡- ስነቃላት ኣብ ሕድሕድ ሌጣዊ ስነቃል ዝኣተወሉ ዕላማ**

| ዓይነታት ስነቃል | እቲ ስነቃል ንምምሃር ዝዓለሞ ዕላማ | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ክእለት ምርዳእ ብኣሃዝ | ክእለት ዝርርብ ብኣሃዝ | ክእለት ምድማፅ ብኣሃዝ | ክእለት ፅሕፈት | ፍልጠት ስዋስው ብኣሃዝ | ፍልጠት ቃላት ብኣሃዝ | ንባብ ፅፈት ብኣሃዝ | ድምር |
| ነበረያነበረ | | | | | | | | |
| ምስላታት | | | | | | | | |
| ብሂላት | | | | | | | | |
| ድምር | | | | | | | | |